# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 29 ዓመት ቁ.68 ሰሉስ 19 ሕዳር 2019 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3
ተውህቦ ደቅና ንምምዕባል



ገጽ 4
ክተባባዕ ዘለዎ ተበግሶ



ገጽ 6
ንመጻኢ ጠምቲ



ገጽ 8
ንዝያዳ መረዳእታ . . .



ገጽ 9
ሳምሶን ሃብተ ተዓዊቱ




## ዝኽሪ ምምስራት ሃማደኤ፡ ኣብ ጅዳን ከባቢኣን ተጸምቢሉ





ዝኽሪ መበል 40 ዓመት ምምስራት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ጅዳን ከባቢኣን - ንግስነት ሰዑዲ ዓረብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ፕረዚደንት ሃማደኤ ወይዘሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤልን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብ16 ሕዳር ብኽብ ዝበለ ኣገባብ ተኻይዱ።

እቲ መደብ፡ ንጥፈታት ሃማደኤ ጨንፈር ጅዳን ከባቢኣን ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ብዘንጸባርቕ ስእላዊ ምርኢትን ባህላዊ መሰናድኦን ዝተሰነየ ነይሩ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወይዘሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ንተሳተፍቲ ኣብ ዝሃበቶ ሰሚናር፡ ተሳታፍነት ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ዘርዚራ። ኣብ ጽላት ትምህርቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ተሳታፍነተን ክሳብ 45 ሚእታዊት ምብጽሑ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ዝተጨበጠ ዓበይቲ ዓወታት ከምዝኾነ ድማ ኣረዲኣ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጅዳን ከባቢኣን ኣቶ ሳልሕ ማሕሙድ ሳብ ድማ፡ ንተራን ኣበርክቶን ሃማደኤ ጨንፈር ጅዳን ከባቢኣን ብምምጓስ፡ ዝኢ ተኣትዩ ዘሎ ሓድሽ መዋእል ዝበቕዕ ኣወዳድባን ንጥፈታትን ክህልዋ ኣዘኻኺሩ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ኣብ ኩወይት ንዝኾብራ ደቂ-ኣንስትዮ እውን ተመሳሳሊ ኣኼባ ከምዘካየደት ተፈሊጡ።

## ሞጎሎ - ናይ ፈተነ ኣዝርእቲ ጽቡቕ ውጽኢት ሂቡ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡስ ዞባ ሞጎሎ ዝተፈተነ ኣእካል፡ ጥረታትን ናይ ቅብኣት ዘራእትን ጽቡቕ ውጽኢት ከምዝሃበ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ፍርዙን ገብረወልድ ሓቢሩ።

እቲ ፈተነ ዝተገብረሉ ኣዝርእቲ፡ ኣርባዕተ ዓይነት መሽላ፡ ሰለስተ ዓይነት ብልቱግ፡ ከምኡ'ውን ደቂቕ ዓተርን ሱፍን እዩ።

መንእሰይ ፍርዙን፡ ኑቲ መደብ ንምዕዋት ኣቐዲሙ ን820 ሓረስቶት ንኣገዳስነትን ኣገባባትን ምርባሕ ምሩጻት ኣዝርእቲ ኣስተምህሮ፡ ን80 ኣብነታውያን ሓረስቶት ድማ ግብራዊ ስልጠና ከምእተዋህበ ገሊጹ።

ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ፈተነ፡ ደቂቕ ዓተር ካብ ርብዒ ሄክታር 2.5 ኩንታል ከምእተሓፍሰ፡ ሱፍ ድማ ካብ ተመሳሳሊ ስፍሓት 3.5 ኩንታል ክርከቦ ትጽቢት ከምዝግበር ሓቢሩ።

ሓረስቶት እቶታውነቶም ንምዕባይ፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልዑል ኣቓልቦ ሂቦም ክሰርሑሉ ዘዘኻኸረ ክኢላ ልምዓት ብቐሊ መንእሰይ ደሳለ ሓጎስ ብወገኑ፡ ገርሁኦም ብኣጋኡ ከደላድሉ፡ ናይ ምዝራእ ወቕቲ ክሕልዉ፡ ዝተጸንዑ ኣዝርእቲ ክጥቀሙን ምቅይያር ኣዝርእቲ ከዘውትሩን ተላብዩ።



ስ/ ኢብራሂም ዓሊ

## ዝበጽሐ ኣእካል ብወፈራታት ምእካቡ ይቕጽል ኣሎ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሞልቀ፡ ጎልጅን እምኒ-ሓይሊን፡ ኣእካል ብህዝብን ሰራዊትን ይእከብ ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ዘራእቲ ጸገማት ስድራ-ቤታትን ስድራ ስውኣትን ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ተመሃሮ፡ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ብዘሳተፎ ዘለዉ ወፈራታት ይእከብ ኣሎ።

ካብቲ፡ ኣብ መሓንዲሰን መኻርምሽሁን ናይ 150 ስድራ-ስውኣትን 29 ጸገማትን - 115 ሄክታር ተኣኪቡ ኣሎ። ኣብ 19 ምምሕዳራት ከባቢ ክቕጽል ምዃኑ ድማ ተሓቢሩ።

ኣብ ጎልጅ - ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ገርሰት፡ ብውልቀ-ሓረስቶትን ብመንግስትን ዝለምዐ ዘራእቲ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ይእከብ ኣሎ።

ሎምዘመን 94 ሽሕ ሄክታር መሽላ፡ ሰምሰምን ብልቱግን ከምእተዘርኡ፡ መብዛሕትኡ ድማ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከምዝበጽሐ ተፈሊጡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓይሊ እውን፡ ኣብ 17 ምምሕዳራት ከባቢ፡ እቲ ናይ ምእካብ ስራሕ ብቕጽሊ ይቃየድ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ካብቲ ኣብ 6731 ሄክታር ዝበቖለ ዘራእቲ ተዓጺዱ ከም እተኣከበ፡ ሓላፊ ቤት-ብቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ገሊጹ።

## ገርሰት - ጥሪት ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘለዋ ተሓቢሩ

ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኤርትራ፡ ቀረብ ጸባን ስጋን ንምርግጋጽ ብዘካይዶ ዘሎ ወፍሪ፡ ኣብ ሕርሻታት ደቡባዊ ምዕራብ ጋሽ-ባርካ ዝሰበሳን ዝራብሓን ዘለዋ ጥሪት፡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከባ ተገሊጹ።

ብመሰረት ሓበሬታ ሓላፊ ሕርሻታት ደቡባዊ ምዕራብ፡ ኣቶ ሓይለዝጊ ሃብቱ፡ ኣብ ገርሰት፡ ፈረሶን ዓድ-ዑመርን ብውሑድ ቁጽሪ ጥሪት ዝተበገሰ ፕሮጀክት፡ ኣብዚ እዋንዚ ልዕሊ 10 ሽሕ ኣጠሊ፡ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ከብትን 400 ኣግማልን ከምዘወንንን፡ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ጥዕና ከምዝርከባ ተፈሊጡ።

ዕላማ'ቲ ፕሮጀክት፡ ቀረብ ጸባን ስጋን ብርትዓዊ ዋጋ ንህዝቢ ምቕራብ ምዃኑ፡ እቲ ኣብ ኢጋጣሚታት ሃይማኖታዊ በዓላት፡ ንዝተፈላለየ ትካላት መንግስትን ኩሉኛትን ዝዝበሩዎ ቀረብ ጥሪት ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣብ ሕርሻ ገርሰት - ሓላፊ ልምዓት ጥሪት ኣቶ ክብሮም ገብሩ፡ ሰለስተ ዓይነት ከብትን ክልተ ዓይነት ኣጠልን ንጸባን ስጋን የስብሑን የራብሑን ከምዘለዉ፡ ብምሕቦር፡ ብዘዳለወለን እኹል ቀለብን ብዘዕበረለን ክንክንን ቅልጡፍ ዕብየት የመዝግባ ከምዘለዋ ኣረዲኡ።

ሓከም እንስሳ መንእሰይ ሓጎስ ጉይትኦም ብወገኑ፡ ምስ ብዝሒ ጥሪት ዝመጣጠን እኹል መድሃኒት እንስሳ ከምዘሎ፡ ካብቲ ድማ ዝኾነ ዘሰክፍ ተርእዮ ሕማም ከምዘየለ ገሊጹ።

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕማም ሽኮርያ ብደረጃ ዞባ ማእከል ተዘኪሩ




ስ/ናዝሬት በይን

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕማም ሽኮርያ - 14 ሕዳር፡ "ሕማም ሽኮርያን ስድራቤትን" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ዞባ ማእከል ብ17 ሕዳር ኣብ ኣዳራሽ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ባርካ ተዘኪሩ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ሕሙማት ሽኮርያ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ኣቶ መንግስትኣብ ጉብረሚካኤል፡ ብሕማም ሽኮርያ ዝስዕብ ሞትን ሰንክልናን ንምውጋድ ተራ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ጸዊዑ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ ሓላፊ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣቶ ተወልደ ብርሃ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ጠንቂታትን ሳዕቤናትን ናይቲ ሕማም ንምብራኽ፡ ብኣባላት ማሕበር ንዝካየድ ጉስጓሳት ድሕሪ ምምስጋን፡ ብዙሓየለ ውዳብ ክቕጽል ተላቢዩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል፡ ኮሎኔል ጉብረሃንስ ወልደገርግስ ድማ፡ ኣብቲ ሓልክታት ሕማም ሽኮር ንምውጋድ ዝሰላሰል መደባት፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዓቕሙ ዘፍቅዶ ክተሓጋገዝ ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ብምኽንያት'ቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ሲቲ-ፓርክ ናብ ቤት-ትምህርቲ ባርካ ሰልፊ፡ ከምኡ'ውን ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ከምእተኻየደ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሕማም ሽኮር፡ ብደረጃ ሃገር ብ14 ሕዳር ኣብ ከተማ ባረንቱ ተዘኪሩ ውዒሉ እዩ።

# ባጽዕ - ፖሊስ፡ ኣፍልጦ ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ንምዕባይ ይሰርሕ

ፖሊስ ከተማ ባጽዕ፡ ኣፍልጦ ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ብምዕባይ - ገበናትን ሓደጋታት ተሽከርከርትን ንምግታእ፡ ኣስተምህሮታት ይህብ ኣሎ።

ኣዛዚ ቀዳማይ መደብር ፖሊስ ከተማ ባጽዕ ተለንተ ተስፋልደት ወልደሚካኤል፡ ብ13 ሕዳር ምስ ተመሃሮ ሸኽ ኣልኣሚንን ቅድስቲ ሃናን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ገበንን ምቅላዕ ገበኛታትን፡ ሕግን ስሩ ምምባርን፡ ወሀድ ምክልኻል ገበንን ሓደጋታትን ብዝርዝሩ ኣርእስትታት ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ምብራኽ ንቕሓት፡ ኣብ ምክልኻልን ምግታእን ገበናትን ሓደጋታትን መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ ፖሊስ ኤርትራ ብሰፊሑ ይሰርሓሉ ከምዝሎ ዝሓበረ ተለንተ ተስፋልደት፡ ህዝቢ ኣብ ሓለዋን ምዕቃብ ጸጥታን ከበርኡ እጃሙ ክዕዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ከም ዘየድሕን ብምምልካት ድማ፡ ግዝኣ ብዘየገድስ ዘይምዕዳው፡ ኣጉዳሲ ንብረት ኣብ ዝኾነ ቦታ ምቕማጥ፡ ሕማቕ ተግባራት እናረኣኻ ሰቕ ምባል ወይ ዘይምሕባር፡ ገለ ካብ'ቶም ንገበኛታት ምቹእ ዕድል ዝፈጥሩ ዘለዉ ብምዃኖም - ክውገዱ ተማሒጺኑ።

ኣቐዲሙ፡ ኣዛዚ ካልኣይ መደብር ፖሊስ ከተማ ባጽዕ፡ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ሂቡ ነይሩ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም
ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ኤርምያስ ገብረልዑል
ሺሃብ ኣርኣያ
ተስፋኣለም የማነ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ሳምራዊት መለስ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጸ. 1284


# ኣብ ሰ/ቀ/ባሕሪ፡ ውጽኢት ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ተገምጊሙ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ 4 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝቑጸሩ 52 ነቑጣታት ዝተዋፈሩ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ዕዉት ስራሕ ከምዘሰላሰሉ፡ ብ11 ሕዳር ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ተገሊጹ።

ኣብ'ቲ ኣካላት ምምሕዳር ዞባ፡ ሚኒስትሪታት ሕርሻ፡ ጥዕናን ትምህርትን ከምኡ'ውን ሃማመተኤ ዝተሳተፍዎ ገምጋም፡ ወፍሪ - ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምትካልን ምክንኻንን ኣግራብ፡ ኣብ ምጽጋን ቅናታዊ ዛላታትን ጽርግያታትን፡ ኣብ ስራሓት ከትርታትን መጸለዩ ውሓይዝን ተመዲቦም ኣጉዳሲ ስራሕ ከምዘዕመሙ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ኣብ'ቲ ዞባ መምህር ፍስሓጽዮን ተኪኡ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጊንዳዕ ኣፍዓበት፡ ናቕፋን ቅሮራን ልዕሊ 10,800 ጉዳጉዲ ተኻዒቱ ኣግራብ ከምእተተኽሉ፡ ልዕሊ 50 ኪሎሜተር ዛላታት ከምእተሰርሐ፡ 16 ኪሎሜተር ጽርግያታት ከምእተጸገነ ገሊጹ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ወፍሪ ልዕሊ 1100 ተመሃሮ፡ 26 ኣለይቲ መምህራን ከምኡ'ውን ክኢላታት ሕርሻን ሓካይምን ከምእተሳተፉ ዝሓበረ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ መምህር ረሺድ መሓመድ፡ መደባት ፈልሲ'ቲ ዞባ እኹል ቀረብ ስለዘይብሉ፡ ኣብ መጻኢ ብኣጋ ክሕሰበሉ ኣዘኻኺሩ።

# ደቡብ - ጽጉማት ስድራቤታት ሓገዝ ተገይሩለን

ኣብያተ-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲቐይሕ፡ ማይምነ ጸሮናን፡ ን329 ጽጉማት ስድራቤታት ንዝፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ኣጣቒሰን።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ 11 ስድራቤታት ገለኦም ብጥሪት ገለ ድማ ብኻልእ ክጣቐሱ እንከለው፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ማይምነ 9 ስድራቤታት ብምሉኦም ብጥሪት ተጣቒሶም ኣለው።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጸሮና እውን፡ ሓሙሽተ ኣለይቲ ዘኽታማትን ኣርባዕተ ኣለይቲ ስንኩላንን ስድራቤታት ብተመሳሳሊ ምርጫ ተጣይሰን።

ኣብ ካልእ ዜና ናይ'ቲ ዞባ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብስሩጻቶ ጸጉሪ ርእሲ ዝሰልጠና ጽጉማት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብ12 ሕዳር ተመሪቐን።

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ሰልጠንቲ ቀሲመናኦ ዘለዋ ሞያ ከም መጠቀሚ ወሲደን፡ መነባብሮአን ኣብ ምምሕያሽ ኣበርቲዐን ክሰርሓ ምዕዶ ተዋሂቡወን።

# ተሰነይ - ነበርቲ እንጅሓይ ወፈራ ጽሬት ኣካዪዶም

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ እንጅሓይ - ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ኣብ እዋን ክረምቲ ክኸስቱ ዝኽእሉ ከም ዓሶ ወጽኣትን ካልኦት ኣረሰንቲ ሕማማትን ንምክልኻል ወፈራ ጽሬት ኣካዪዶም።

ኣብ እዋን ክረምቲ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ከምዝቀላቐሉ፡ ንምክልኻሉ'ውን ድማ - ጽሬት ከባቢ እቲ ቀዳማይ ምርጫ ምዃኑ ገሊጾም።

ምምሕዳር ከባቢ እንጅሓይ ኣብ ደብ ብምህላዉ፡ ንዶብዘሰገር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ቅልዕቲ ምዃና ዝሓበሩ ወኪላቲ ርእዮቶ፡ እቲ ወፈራዊ ጽሬት ነዚ ንምግታእ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

ነበርቲ ከተማ ተሰነይ እውን፡ ኣብ ቀጽሪ ሆስፒታል ተመሳሳሊ ወፈራ ጽሬት ከምዘካየዱ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ደኩመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ልዝብ መንእሰያት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | መደብ ስፖርት |
| 14:45 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:20 | ሙ/ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:40 | ዶክተራት ካብ ስቱድዮ |
| 18:40 | ሳይዳ |
| 19:20 | ሄለው ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ኩነታዊት ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

ብኻልኣይ መስመር ተለቪዥን ኤርትራ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣሎ።
*ጀርመን ምስ ሰሜን ኣየርላንድ ሰዓት 10:45 ምሸት።*

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም
yosief1557@gmail.com

# ተውህቦ ደቅና ንምምዕባል

መዚቃ ዓለምለኻዊ ቋንቋ'ዩ። ዶብን ዓሌትን ዘይፈሊ፡ ድኻን ሃብታምን ዘይመርጽ፡ ከሉ ሰብ ብስፍሱን መንፈሱን ዝገደሰሉን ዝማረኸሉን ውሽጣዊ ናይ መራኸቢ ሓይሊ'ዩ። ኣእምሮ ኣረስርሱ ድማ ፍሰሃ ዘዕስልን ጥዕና ዘውሰኽን'ዩ። መዚቃ ምስማዕ ኣብ ዕምሪን ኣተሓሳስባን ሰብ ኣዳናቒ ኣስተዋጽኦ ዘለዎ ምኻኑ'ውን ክኢላታት ስነልቦና ዘስማምዕሉን ዝመኽሩሉን እዩ። ካብ'ዚ ተበጊሶም ድማ፡ መዚቃ ምስማዕ መዓልታዊ ክዘውትር ዘለና መኣዝዊ መግቢ ኣእምሮን ፍሰሃ ነፍስን ምኻኑ የተሓሳስቡ።



ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህሊን ቻይና ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ መንግስታት ኤርትራን ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ብዝተበጽሐ ምርድዳእ መሰረት፡ ብ5 ሰነ 2013 እዩ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ብወግዒ ተኸፊቱ። እዚ ብ'ኢንስቲትዩት ኮንፈሽየስ' ዝጽዋዕ ቤት ትምህርቲ፡ ባህሊን ቋንቋን ቻይን ኣብ ኤርትራ ንምስፋሕ ዝዓለመ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዘድኅቕ ባህላዊ ምልውዋጥን ምሕዝነትን ኣብ ምምዕባል ዘይነዓቕ ኣበርክቶ ከም ዝገበረ ይግለጽ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ፡ ብዘይካ'ቲ ህዱእ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ተጠቒምካ ዝትግበር ትምህርቲ 'ታይጂ'ን ፊደላት ወይ ካራክተራት ቻይና ገይርካ ዝጽሓፍ ትምህርቲ ካሊግራፊን፡ ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ቻይና ከፊቱ ንተገደስቲ ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና የምህር ኣሎ። ብቛንቋ ቻይና ደርፌ ናይ ምልምማድ መደብ'ውን ኣለዎ። እዚ፡ ዓበይቲ፡ ማእከላትን ናእሽቱን ናይ ክልተኡ ጾታ ዝሳተፍዎ ትምህርቲ'ዚ ብዘለዎ ተፈታዊነት ብዙሓት ሰዓብቲን ተገደስቲን ተመሃሮ ቋንቋ ቻይና ኣጥርዩ ይርከብ። ብርክት ዝበሉ ተመሃሮ ናይ'ዚ ኢንስቲትዩት'ውን ብቛንቋ ቻይና ገይሮም ምስ ቻይናውያን መማህራኖም ክረዳድኡን ክዘራረቡን በቒዖም ስለዘለዉ ኣድማዕነቶን ጸላውነቱን ብዝዮጠራጥር እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ። ተመሃሮ ፈጠራውነቶምን ዓቕሞምን ንምትብባዕ'ውን ብርክት ዝበሉ ውድድራት ደሰርዓለም'ዩ።

ዝሓለፈ ሰንበት፡ 17 ሕዳር 2019፡ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህሊን ቻይና ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ'ቶም ንሓያለ ዓመታት ቋንቋ ቻይና ክመሃሩ ዝጸንሑ ተመሃሮ፡ ብቛንቋ ቻይና ናይ ደርፌ ውድድር ሰሪዑ ነይሩ። እቲ ካብ ሰዓት 2 ድሕሪ ቐትሪ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 4:30 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ኣደራሽ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዝቐጸለ ውድድር፡ ለሚ ዓመት ንመበል ራብዓይ ግዜኡ ዝቐደ ዘሎ ኮይኑ፡ "ኣደናቒት ቻይና፡ ወቕበዚ ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ'ዩ ተሰላሲሉ። ተመሃሮ ኮሌጅ ዝርከብዎም 35 ዓበይትን ናእሽቱን ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ተወዳደርቲ ድማ ተሳቲፎም።

እቲ ብውዕውዕ መንፈስ ዝተኻየደ መደብ፡ በዩም ምስ ወለዶም ዝመጹኡ ብርክት ዝበሉ ህጻናትን መንእሰያትን ተመሃሮ ዝማመቑ ክኸውን ከሎ፡ ዳይረክተር ጀነራል ምምዕባል ዓቕሚ ሰብን ምርምርን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣቶ ጴጥሮስ ሃይለማርያም፡ ዳይረክተር ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ባህልን ስፖርት ኤርትራ ኣቶ መኣዛን ጎይትኦም፡ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ምርምርን ኣቶ ፍስሃየ ሃይሉ፡ ኣምባሳደርን ኣባላትን ኤምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ፡ ቻይናውያን ጉጅለ ሓካይምን ካብ ኣባላት ኩባንያታት ዕደና ቻይና ኣብ ኤርትራን ተረኺቦም ነይሮም።

እቲ ውድድር ብኣቶ መኣዛን'ዩ ተኸፊቱ። ኣቶ መኣዛን ከምዚ ዓይነት ውድድር ህጻናትን ተመሃሮን ፈጠራውነቶምን ክእለቶምን ዘንጸባርቑሉ ባይታ ስለዝኸፍቱ፡ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምኻኑ ገሊጹ። ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና፡ ህጻናትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ቋንቋን ባህልን ቻይና ንኽመልኩን ኣተሓሳስብኦም ንኽሰፍሑን ንዘበርክቶ ዘሎ ኣስተዋጽኦ ድማ ንኢዱ።

ቀጺላ ቃል ዘስመዐት ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ማዳም ሊዩ ሊይን'ያ። ንሳ፡ እቲ ንራብዓይ ግዜኡ ዝቐደ ዘሎ ውድድር፡ ክእለትን ተውህቦን ናይቶም ቋንቋን ባህልን ቻይና ዝመሃሩ ዘለዉ ህጻናትን ተመሃሮን ፈቲሽካ ንምትብባዕን ንምዕባይን ከምዝሽፍኑ ሓቢራ። ኩሎም ተወዳደርቲ ተመሃሮ፡ ቋንቋ ቻይና ኣብ ምምሃር ዘርእዩዎ ዘለዉ ልዑል ተገዳስነት፡ ንዓቕሞምን ብቕዓቶምን ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ፡ ወለዶም ከተባብዑዎም ድማ ተላቢያ። ኣሰዒባ ከኣ፡ ሓደ ካብ ዕላማ ናይ'ቲ ውድድር፡ ወለዲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ዝመሃሩ ዘለዉ ደቆም ኣብ ምንታይ በጺሖም ከምዘለዉ ንኽርእዩን ማዕረ ክንደይ ብሉጽ ምልክትን ዓቕምን ኣጥርዮም ከምዘለዉ ንኽፈልጡን ምኻኑ ኣረዲኣ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ኣብ ክልተ መደብ ተመቒሉ፡ ብቛንቋ ቻይና ዝተጉበረ ናይ ደርፌ ውድድር'ዩ ሰዓቢ። እቲ ቀዳማይ መደብ፡ ብሶሎ መዚቃ (Solo singing) ቻይና እናተሓጋዘካ ምድራፍ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ'ቲ ውድድር ትሸዓተ ተመሃሮ ተወዳዲሮም። እቲ ካልኣይ መደብ ከኣ፡ ብጉጅለ ኮይንካ (Group singing) ብቛንቋ ቻይና እናደረፍካ ዝተኻየደ ውድድር ኮይኑ፡ ሸውዓተ ጉጅለታት ተሳቲፈን። ኩሎም ተወዳደርቲ፡ ንኡሶም ዝደረፍዎ ደርፍን ብቛንቋ ቻይና ንተዓዘብትን ደያኑን እናላዩ'የም ነቲ ውድድር ኣቑዶሞ። ዘንጸባርቑዎ ዝበለጹ ምልክት ቋንቋ ቻይናን ደርፌ ቻይናን ድማ ናይ ብሓቂ ዝደነቕ ምንባሩ፡ ካብቲ ዘውሕዞም ዝበረ ጣቕዒትን ሞራልን ምግንዛብ ዘጸግም ኣይነበረን። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተረኸቡ ማባል 13 ቻይናውያን ጉጅለ ሓካይም ኣብ ኤርትራ'ውን፡ ነቲ ብቛንቋኦም ዝድረፍ ዝበረ ደርፌ ዓድዖም፡ ብተመሳጦን ብልዑል ሞራላዊ ጣቕዒትን'የም ተዓዚቦሞን ኣሰጆሞን። ኣብ'ቲ ካብ 100 ነጥቢ ዝተኻየደ ውድድር ደርፌ፡ ብምሉኦም ተወዳደርቲ ልዕሊ 90 ነጥቢ ብምምጻእ'የም ዛዚሞሞ። ቻይናውያን ጉጅለ ሓካይም ድማ፡ ንምሕዝነት ኤርትራን ቻይናን እትገልጽ መዝሙር፡ ብቛንቋ ቻይናን ትግርኛን ብምዝማር ነቲ መደብ ተወሳኺ ድምቀት ሂቦሞ።

እቲ ውድድር ምስ ተዛዘመ፡ ካብ ክልተኡ ውድድራት ዝተዓወቱ ተወዳደርቲ፡ ሽልማቶምን ዝተዳለወሎም ሰርቲፊኬትን'የም ካብ'ቶም ኣብኡ ዝተረኸቡ ሓለፍቲ ተቐቢሎም። ኣብ'ቲ ብሶሎ ደርፌ (Solo song) ዝተኻየደ ውድድር፡ የናታን ብርሃ ቀዳማይ፡ ነጃት መሓመድ ካልኣይ፡ ናትኤል ግርማይን ኣይዳ ሳልሕን ድማ ሳልሳይ ብምኻን ተዓዊቶም። ኣብ'ቲ ብጉጅለ ዝተኻየደ ውድድር ደርፌ (Group song) ድማ፡ ጉጅለ ሄርሜላ ፍስሃየን ኢለም ክፍላይን ቀዳማይ፤ ጉጅለ ሃና ሃይሉ፡ ሩፍታ ኣረፋይንን የናታን ብርሃንን ካልኣይ፤ ጉጅለ ሳራ ዑቕባይ፡ ሰዩም ምናሰን ራሓም ማሕሙድን ከምኡ ድማ ጉጅለ ሰፎና ሲሸል፡ ናትናኤል ግርማይን ሺደን ብስራትን ሳልሳይ ኮይኖም ተዓዊቶም። ኣብ'ቲ ሽልማት ዘይኣተዉ ብርክት ዝበሉ ተወዳደርቲ'ውን ናይ ተሳታፍነትን ጸቡቕ ብቕዓትን ምስክር ወረቐት ተዓዲሎም።

ሓደ ካብ ደያኑ ዝነበረ ሰራሕተኛ ኣቶ ባርናባስ መብራህቱ፡ ተወዳደርቲ ዘርኣዩዎ ብቕዓትን ርእሰ ተኣማንነት፡ ኣብ ውሽጦም ዝሎ ተውህቦን ሓይሊን ዘንጸባርቕ ምንባሩ ጠቒሱ፡ ተወዳደርቲ ካብ ዓሚ ለሚ ዓመት ዝበለጸ ምርኢት ከም ዘቕረቡ ገሊጹ። ከምዚ ዓይነት ውድድር ብሉጻት መዚቀኛታትን ደረፍትን መንእሰያት ኣብ ምፍራይ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምኻኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ነቲ ውድድር ንዘወደበ ቤት ትምህርቲ ቋንቋን ባህልን ቻይና ኣመስጊኑ።

ክልተ ደቃ ሒዛ ኣብ'ቲ ውድድር ዝመጸኣት፡ ወ/ሮ ሳዕድያ ኢብራሂም ተቐማጢት ኣኽርያ'ያ። ንሳ፡ ቋንቋ ቻይና እትመሃር ጓል ከምዘለታ ብምሕባር፡ ከምዚ ዓይነት ውድድር፡ ንህጻናት ዘተባብዕን ክእለቶም ንኽንጸባርቑ ባይታ ዝፈጥርን ስለዝኾነ፡ ነቲ መደብ ንኽትዕዘብ ምስ ደቃ ምስታፋ ከምዘሐጎሳ ገሊጻትልና። ጓል 40 ዓመት ወ/ሮ ብርኽቲ ሃብተወልዲ ተቐማጢት ቲራቮሎ ድማ፡ ቋንቋ ቻይና ዝመሃር ወዲ 13 ዓመት ወዲ ዘለዋ'ያ። ነቲ መደብ ክትዕዘብ ከምዝመጸኣት ብምግላጽ ድማ፡ ብዙሕ ነገር ከምዝተማህረትን ከምዚ ዓይነት ንህጻናት ዝኣኻኽቦምን ሓቢሮም ፈጠራውነቶም ዘዕብዩሉን ኣጋጣሚ ክድሪኣሉ ከምዝለዎ ክትርዳእ ከምዘኽኣለትን ኣበሪዓ፡ "ኩሎም ተወዳደርቲ በቲ ዘይምለኽ ዝመስል ቋንቋ ቻይና ክዘረቡን ክደርፉን ምስ ሰማዕኩዎም፡ ፈለማ ክኣምን ኣይከኣልኩን። ኣብ'ቲ መደብ ካብ ዝተሳተፉ ቻይናውያንን ተዓዘብትን ጣቕዒትን ሞራልን ክውሕዘሎም ምስ ተዓዘብኩ ግን፡ ኣዝየ ተደኒቐ። ስለዚ፡ ዘይክኣል ነገረ ዘይብል ስለዘየለ፡ ንደቅና ክእለቶንም ውሽጣዊ ተውህቦኦምን ንምትብባዕ፡ ተመሳሳሊ መደብ ሰሪዕና ከምህሮምን ከሞስኦምን ከምዝለና ተገንዚበ ኣለኹ" ክትብል፡ ወለዲ ፈጠራውነትን ክእለትን ደቆም ኣብ ምፍታሽን ኣብ ምሕያልን ክጽዕቱ ኣዘኻኺራ።





ማዳም ሊዩ ሊይን

ኣምባሳደር ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ያንግ ዝያንግ ኣብ ዘስመዖ ናይ መዕጸዊ ቃል ድማ፡ በቲ ዝተኻየደ ውድድር ኣመና ዕጉብን ሕጉስን ምኻኑ ጠቒሱ፡ ኤርትራውያን ተመሃሮ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ዓመታት ኣብ ባህልን ቋንቋን ቻይና ከምዚ ዓይነት ክእለትን ምልክትን ከርእዩን ክሳብ ብቛንቋ ቻይና ክደርፉን ክዘረቡን ምዕዛቡ ብዘይመጠን ከምዘተማስጦ ሓቢሩ። እዚ ከኣ ኤርትራውያን ተመሃሮ ብዛዕባ ባህሊን ቋንቋን ስልጣነን ቻይና ዝያዳ ንኽፈልጡ ዝሕግዝ ስለዝኾነ፡ ነቲ ኣብ መንጎ'ተን ተመሳሳሊ ታሪኽ ዝሓለፋ ኣሓትን መሓዙትን ሃገራት ኤርትራን ቻይናን ዘሎ ዝምድናን ሽርክነትን መሰረቱ ስለዘደንፍዕ፡ ኣብ መጻኢ ብዝያዳ ክድፍኣሉ ምኻኑ ገሊጹ። ንሱ'ውን ኣባላቱን ኣብ ኤምባሲኦም ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ጀሚሮም ከምዘለዉ ብምጥቃስ ከኣ፡ ቋንቋን ባህልን እቲ ዝሓየለ መራኸቢ ዝምድና ህዝብታት ስለዝኾኑ፡ ብዝሓየለ ክሰርሓሉ ከምዝዮጾ ኣተሓሳሰበ።





# ቋንቋና ብልክዕ ክንጥቀመሉ...

እዚ ሃብታምን ምኡዝን ቋንቋና፡ መግለጺ መንነትናን ሓድሕድ መራኸቢናን ስለዝኾነ፡ ብዋዛ ዋዛ ዘይማእዝኑ ከይሕዝ ናይ ኩላትና ተገዳስነትን ምትእርራምን ዘድሊዮ እዩ።

ንእግረ መንገደይ ዝሰምዖም ኣብ ዘይምልከቶም ዝኣትዉ፡ ገለ ድማ ብኣንጻር ናይ'ቲ ክንብሎ እንደሊ ዝትርጎሙን ቃላት እናበርከቱ ምምጽኦም ድማ ዘዮተሓሳስብ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ለሚ እዋን ሓያሎ ህዝብታት፡ ቋንቋኦም ሰኣን ምዕቃብ ሕውስውስ ምስ በሉ፡ ናብ ንቡር ንኽመልሱዎ ዘሸበደ ኩይኖምም ኣሎ።

ንሕና እውን፡ ንቛንቋና እናሻዕ ክነዕብዮን ክንዕቅቦን እምበር፡ ብዘፈቐደ ክዘረብ ከሎ ትም ኢልና ክንሰምዕ ኣይግባእን። ሃብታም ቋንቋ ኣለና። ንዝገራት፡ ንፍጻመታት፡ ንስምዒታት. . . ክንገልጸሉ እንኽእል ቋንቋ እናሃለወና፡ ንኸም'ዚ ዝኣመሰለ ጌጋ ክንጻወር እውን ኣይግባእን።

ብዙሕ ግዜ ቃላት ኣብ ዘይቦታኦም ክኣትዉ እሰምዕ እየ። ንኣብነት ኣብ 13 ሕዳር 2019 ዓ.ም. ኣብ ዝተቓልሐ ውድድር ሸንግርዋ፡ ሓደ ተወዳዳሪ "ብሰንኪ እከለ እየ ሓሊፈ" እናበለ ሓጎሱ ክገልጽ ሰሚዐዮ። "ብሰንኪ" ክንብል እንድሕሪ ኴንና፡ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ኣሉታ ደኣም'በር እወታ ክኸውን ኣይክእልን። ሰንኪ ክንብል ከለና፡ ሰራ፡ ጠንቂ፡ መዘዝ. . . ዝኣመሰሉ ቃላት ተመሳሰልቱ ኮይኖም፡ ናይ እኩይ ወይ ክፉእ መግለጺ እዮም። "ብሰንኪ እከለ እየ ተሪፈ" ደኣ'ምበር "ብሰንኪ እከለ እየ ሓሊፈ" ክበሃል ኣይከኣልን።

"ሳላ እከለ እየ ሓሊፈ" ምባል ናበይ ምስ ከደ እዩ? "ብሳላ እገለ ካብ ሞት ድሒነ፡ እከለ ገንዙብ ሳላ ዝሃበኒ ብዙሕ ሽግረይ ፈቲሐ። ኣበርቲዐ ሳላ ዘጽናዕኩ መርመራ ሓሊፈ. . ." እንተ በልና፡ ሰናይ ስለ ዝረኸብና ምስጋናና ንገልጽ ኣለና ማለት እዩ።

ባህ ዘዮብል ኩነት ምስ ዘጋጥመና ኸኣ፡ "ብሰንኪ ዓርከይ እየ ተገዲዐ። ብሰንኪ ዘይምጽናዕ ጽቡቕ ውጽኢት ኣየምጻእኩን። ሰንኪ ናይ ኩሉ ሽግር ንሰኻ ኢኻ. . ." ንብል።

"ሰንካም መዓልቲ!" ክንብል ከለና፡ ንሕማቕ ነገር እምበር ንጽቡቕ ዘመልክት ኣይኮነን። እዚ ከም ኣብነት ደኣ ኣምጺአዮ እምበር፡ ቦታኦም ዝሰሓቱ ቃላት ኣደኦም ትቕጽሮም።

ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጌጋታት፡ ካብ ዕለታዊ ርኽክብ ሓሊፉ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን፡ ከምኡ'ውን ኣብ መጻሕፍቲ ዝረአ ምዃኑ እዩ። ንኣሸቱ ወይ እውን ተመሃሮ፡ ሓንሳብ እንተ ሒዞሞ ከም ቅቡል ስለ ዝወስዱዎ፡ ዳሕራይ ንኽእረም ብዙሕ ሃልክን ግዜን ዝሓትት ምዃኑ ድማ ርግጽ'ዩ። እዚን ከም'ዚ ዝኣመሰለን ጌጋታት ክንሰምዕ ወይ ክንዕዘብ ከለና ኸኣ፡ ዓገብ ክንብል ግዴታዊ ሓላፍነትና እዩ።

ስለ'ዚ፡ ምሁራት፡ ጸሓፍቲ፡ ደረስቲ፡ ሰነ-ጥበበኛታትን ካልኦት ኣብ ህዝቢ ጽልዋ ዘለዎምን ሰባት፡ ዓገብ ክብሉን ንሕወየት ቋንቋና ዘለዎም ፍልጠት ከበርክቱን ግዜኡ እዩ እብል።

*ሰመይ ንኣዳለውቲ ጥራይ*

# ክተባባዕ ዘለዎ ተበግሶ

ኣብ'ዛ እንነብረላ ዓለም፡ ብሰንኪ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ዝጠፍእ ህይወት ሰብን ዝዓኑ ንብረትን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ብዛዕባ'ዚ ዕንወት እዚ ዝሰመዐን ሃገራት ዓለም ይኹና ማሕበራት ከኣ፡ ዓቢ ኣቓልቦ ሂበን ንኽንክያኦ እንተ ተኻኢሉ ኸኣ ንኸወግዳኦ ዓቲበን ብምሓዝ ይቃለሳኦ ከም ዘለዋ ኣይከሓድን። እቲ ምንታይ'ሲ፡ ካብ'ቶም ብቐዳምነት ዝሰርዑ ናይ ሂወት ኣድሕን ዕማም ስለዝኾኑ።



ሓደ ካብ'ቲ ነዚ እናንሃረ ዝኸይድ ዘሎ ጸገም ንምቁጽጻር ዝገብራኦ ጻዕሪ፡ ዜጋታተን ኣብ ኣጠቓቕማ ጽርግያ ዘለዎም መረዳእታ ምዕባዝ እዩ። ነዚ ናይ ድሕነት ዕማም ዕዉት ንምግባር ከኣ፡ ገዚፍ ሰብኣውን ንዋታውን ጸጋታተን ኣሰሊፈን ይዓያሉ ኣለዋ። ሞያውን ጉልበታውን ዓቕሚ ሰብ ኣውፊረን፡ ዝተፈላለዩ ጎስጓሳትን ኣስተምህሮታትን ይገብራ።

ኣብ ኤርትራ እዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ምስ'ቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝረአ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ብምንጽጻር ከቕርቦ ብዙሕ ኣፍልጦ የብለይን። እንተኾነ፡ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ብቐጻሊ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ርዱእ እዩ።

ይኹን እምበር፡ ሓደጋ ትራፊክ ንምቁጽጻር፡ ንፖሊስ ትራፊክ ጥራይ ዝግደፍ ኣይኮነን። ተሳትፎ ውልቀ-ሰብ፡ ኮማት፡ ብሓፈሻኡ ከኣ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ'ዚ ወፍሪ'ዚ ዝሰፍሐ እጃም ከምዘለዎም ዘካትዕ እውን ኣይኮነን።

ኣብ ከተማ መንደፈራ እትርከብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዓብደላ ጎናፍር፡ ናይዚ መርኣያ ኮይና ኣላ። እዛ ቤት ትምህርቲ፡ ንሓደጋ ተሽከርከርቲ ቀሉዕ ኣብ ዝኾነ ኣውራ ጽርግያ እያ እትርከብ። ተማሃሮኣ እውን ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ሓሙሻይ ክፍሊ - ማለት ናይ መባእታ ትምህርቲ ተመሃሮ ብምዃኖም፡ ንኣሸቱ እዮም። ካብ ገዛኦም ናብ ቤት ትምህርቶም፡ ክመላለሱ ከለዉ፡ እዛ ጽርግያ እዚኣ ንሓደጋ ኩተቃልዖም ተኽእሎ ኣሎ። እቲ መስመር፡ ቀንዲ ጎደና ከተማ መንደፈራ፡ ብርክት ዝበላ ተሽከርከርቲ እየን ዝመሓላለፋሉ።

ነዚ ኣሻቓሊ መስመር እዚ ዝተገንዘበት ቤት-ትምህርቲ ዓብደላ ጎናፍር፡ ናይ ገዛእ-ርእሳ ናይ ድሕነት ፍታሕ ገይራ ኣላ።

ካብ ተመሃሮኣ፡ ስካውት ብምምስራት ኣብ ግዜ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ድሕነት ከም ዝቴጻጸሩ ገይራ። እዞም ተመሃሮ፡ ነቲ ዘጋጥም ሃጓፍ ኣብ ምሽፋን ቀሊል ዘይኮነ ዕማማት ይፍጽሙ ኣለዉ። ኣብ'ቲ ሰናይ ተበግሶ ዝተዋፈሩ ተመሃሮ፡ ምስ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ብምስናይ፡ ተመሃሮ ናብ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ዝኣትዉሉን ኣብ ዝፍደሱሉን ሰዓታት፡ ከምኡ'ውን ዕረፍቲ ኣብ ዝወጽኡሉ ደቓይቕ፡ ናይ ስካውት ክዳን (ዩኒፎርም) ለቢሶም ግቡእ ናይ ድሕነት ስርሖም ይዓምሙ።

ነዚ ናይ ትምህርትን ናይ ድሕነት ስራሕን ብዝግባእ ኣጣሚሮም ይሰርሑ ብምህላዎም ድማ፡ ክነኣዱን ክምስገኑን ይግበኦም። እዚ መንፋዓት እዚ ንኻልኦት ዓቢ መርኣያ ምዃኑ ምስትብሃል የድሊ። ነዞም ተውለ ዕማም ዝዓምሙ ዘለዉ ደቅና፡ ምትብባዕን ምድግጋፍን የድልዮም።

ብፍላይ መራሕቲ ተሽከርከርቲ፡ ምትሕብባርን ክብርን ክህቡዎም ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ ንድሕነት ህይወት ምስራሕ፡ ዓቢ ንእሽተይ ዘዮብል ምዃኑ ኣይንዘንግዕ።

እዚ ኩሉ ተገይሩ እናሃለወ ግና፡ ገለ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ደጃዝማት ዓብደላ ጎናፍር፡ በቲ ኣባላት ስካውት ዘይብሉ፡ ርሒቖም ይሰግሩ ኣለዉ። እዚ መግትኢ ክግበረሉ ርእይቶይ እህብ።

ጽሑፈይ ንምጥቕላል፡ ቤት-ትምህርቲ ዓብደላ ጉናፍር፡ ስለ'ቲ ዝገበረቶ ሰናይ ተግባር ኣገናዕ እብላ።

*ኑር ጀማል - መንደፈራ*

# ቅንያት ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ኣብ ከተማ ተሰነይ

ኣብ ከተማ ተሰነይ፡ ካብ 2 ሕዳር 2019 ጀሚሩ ክሳብ 10 ሕዳር 2019 ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ዘሎሚ ትዕዝብቲ እየ ክጽሕፍ ደልየ ዘለኹ።

እቲ ጸወታ ካብ ሽዱሽተ ንኡሳን ዞባታት ዝተዋጽኣ ጋንታታት ዝተሳተፋኦ እዩ። እዘን ጋንታታት እዚኣተን፡ ካብ ንኡስ ዞባኣን ቀዳሞት ዝወጽኣ እየን። ጋንታታት ኣቑርደት (ጋንታ ኣልሸዓብ)፡ ፎርቶ ሳዋ (ጋንታ ኦማል)፡ ባረንቱ (ጋንታ ተሰፋ ክልተ)፡ ሃይኮታ (ጋንታ ልምዓት)፡ ተሰነይ (ጋንታ ናቕፋ) ጎልጅ (ጋንታ ጀበል ሓምድ) ድማ ተሳቲፈናኦ። እቲ ጸወታ ናይ ብሉጻ ብኹሉ መዳያቱ ዝኸኣድ እዩ ነይሩ። ብፍላይ እተን ብዙሕ ሕጽረታት ዘለወን ከም ፎርቶ ሳዋ፡ ሃይኮታ ዝኣመሰላ ጋንታታት ዘርኣየኦ ጸወታ ካብ ትጽቢት ብዙሓት ወጻኢ እዩ ነይሩ። ነተን ካብ ዓበይቲ ከተማታታን ብዙሕ ዓቕሚ ሰብን መሳለጥያን ዘለወንን ከም በዓል ባረንቱን ተሰነይን ገጢመን ብሉጽ ጸወታ ዘርኣያ እየን።

ኣብ'ዚ ጸወታ'ዚ፡ ኩላተን ጋንታታት ዘርኣየኦ ወንን ጥዑዕነን ወሃ ዘበለ ከምዝነበረ ይግለጽ። ቀዳመይቲ ጋንታ ተሰነይ፡ ካልኣይቲ ጋንታ ሃይኮታ፡ ሳልሰይቲ ጋንታ ባረንቱ ብምዃን ድማ ዛዚመናኦ። ብዘሐ ጎል ዘመዝገበ፡ ከም ፈልሞን ተኸለኣብ፡ ጃዕፊር ዓብደላ፡ ፈይሰል እድሪስ . . . ዝኣመሰሉ ተጻወትቲ ድማ፡ ክምስገኑ ዝግበኦም እዮም። ኣብ'ዚ ብውዕውዕ መንፈስ ክካየድ ዝቐነየ ጸወታ፡ ብዙሓት ኣፍቀርቲ ስፖርቲ እዮም ተሳቲፎም። እዞም ተጻወትቲ እዚኣቶምን ኣለይቶምን፡ ሰራሕተኛታት መንግስትን ተመሃሮን እዮም። ተመሃራይ ትምህርቱ ከየብኮረ፡ ሰራሕተኛ መንግስቲ ስርሑ ከየሰናኸለ ነዚ ዕዉት ጸወታታት ከካይዱ ቀንዮም።

እቲ ጋሻ ኣብ ምቕባል ወረጃ ምዃኑ ዝነገረሉ ህዝቢ ምምሕዳርን ከተማ ተሰነይ፡ ነዞም ስፖርታውያንን ኣለይቶምን ዝገበሮ ኣቀባብላ ዝኸኣድ እዩ ነይሩ። ኣብ ኩሉ መኣብሮኦም ኮኑ ኣብ ጸወታ ብስፖርታዊ ጭውነት ኣተባቢዖ።

እዚ ጸወታ እዚ፡ ኣብ ከተማ ባረንቱ ክቕጽል ምዃኑ እዩ ዝፍለጥ። ከተማ ባረንቱ ግና ከም'ዚ ናይ ከተማ ተሰነይ ብሉጽ ሜዳ ስፖርት የብላን። እቲ ናይ ባረንቱ ሜዳ ስፖርት ጎናጉዲ ዝጠዘሖን ቀጽሪ ዘይብሉን ኩይኑ መውዓሊ እንስሳታት እውን'ዩ። ስለ'ዚ ኣቓልቦ ክግበረሉ ንእግረ መንገደይ እላቡ። ሚኒስትሪ ዜና ድማ፡ ነዚ ስፖርታዊ ንጥፈታት ከም ወትሩ ኪቃልሖ ርእይቶይ ኣካፍል።

*የዕበዮ ዓንደብርሃን*

*ካብ ጋሽ-ባርካ*

# ማህደር ጀጋኑ

ሺሻብ ኣርኣያ

# ከምዚ' ውን ነይሩ

መብራህቱ ዮሴፍ - ግርማይ ወልደግዮርጊስ

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

በቲ ኑታ ቦማ ናብቲ ሻምብቆ ከእትዋ፣ ባሴ ድማ ፍንትት ኢሉ እቲ ብረት ክሳብ ክንደይ ምንቅናቕ ከም ዝፈጥርን እንታይ ምዕባለ ከም ዝኸሰትን ክዕዘብ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። በቲ ኑታ ቦማ ምስ ኣእተዋ፡ ከም ማስታብርቂ ብኣክሮባት ተዀማጢሉ ናብታ ከተድሕኖ ትኽእል'ያ ተባሂላ ዝተገምገመት ጸዳፍ ቦታ ክጸድፍ ነበረ። እዚ ካብ ድሕነት ናብ ሞት ዝቐርብ ምርጫ ሓዘ፡ ናብ'ታ ናይ መወዳእታ ጉዕዞ መስዋእቲ እትውሰነ ህሞት ገጹ ሰጎመ። ወይ እታ ፈተነ ክትዕወት ወይ ከኣ ህይወት ብጻዩ በቲ መኸተምታኣ ብምብትታን ዓጽመ-ስጋኣ ክኸውን እታ ቦማ ኣብታ ሻምብቆ ተደርገመት። ኩሉ ሰብ ኩብዱ ሓቝፈ።

ኣብታ ሓጻር ህሞት፡ ህርመት ልብን ሳዝቦትን ኩሉ ኣብኡ ዝነበረ ጥርዚ በጺሑ። ከምቲ ናብ ህዋ እትውንጨፍ ሮኬት ንምልኣኽ ዝግበር ምድላዋትን ትጽቢትን ሓደ-ክልተ-ሰለስተ ኢሉ ኩሉ ትጽቢታት ንየማይ ዓረበ።

ዳም!

"ዓወት ንሓፋሽ! ዓወት ንሓፋሽ!' ንባሴ ካልኣይቲ ንኽልኣት ግን ቀዳመይቲ ብስራት ፈተነ ቦማ።

በቲ ኣብታ ተዀማጢሉ ዝጸደፈላ ቦታ ምስ እምኒ ተላቲሙ እንክሎ ናብቲ ደሓር ዝሰቆሮ ጎርጃን ልሕጻጽን ከየድሃበ፡ "ኢሂ'ታ... ኢሂ'ታ!" ዝብል ህንጡይ ሕቶ ኣቐደመ። ባሴ፡ "'ዓወት ንሓፋሽ!' ተወንጪፉ ከይዳ! ከይዳ! ዓወት ንሓፋሽ!" እናበለ ብዚዩ ልቡ ዘለለን ናብ ባሴ ገጹ ከደ። ካብ ናይ ሞት ወጥሪ ናብ ናይ ሓገሰን ዓወትን ፈንጠዝያ ተሰገረ።

ብድሕሪኡ ካብ ኣርባዕተኦም ሓለፍቲ ኣብዮ ወዲቓ ዝብል ካልእ ኣገዳሲ ጉዳይ ተላዕለ። ባሴ፡ ዝርግሕ ዘይፈልጥ፡ ሬድዮ ርክብ ከፊቱ ሃለው ሃለው በለ ውትፍ ውትፍ ብዝብል ህዉኽ ድምጺ። ኣእዛኑ፡ 'ተዓወት! ተዓወት!' ዝብል መልእኽቲ ብስራት ሰምዐ። ጌና እቲ ድምጺ ከየብቅዐ ንሬድዮኡ ኣጥቢቑ ሰዓማ።

እታ ቦማ ካብ ዕርዲ ጸላኢ ኣስታት ዓሰርተ ሜትሮ ሓሊፋ እያ ዓሊባ። ነቲ ዝያዳ ርሕቀት ንምእራም፡ ካብታ ዝተዓለወት ካልኣይቲ ቦማ ንእሽተይ ሓሸዋ ኣጒዲልካ ኣብቲ ዝተደልየ ደፋዕ ከም ትዓልብ ምግባር'ዩ።

ሕጂ'ውን በቲ ቦማ ኣብ ሻምብቆ ኣጒሪሱ፡ ካብታ ቀዳመይቲ ብዝየፍለ ተዀማጢሉ ጸደፈ። ትጽቢት ሰማይ ዓረገ፡ ካብ ወጽኢት ናይታ ቀዳመይቲ ተበሪሶም መብዝሕትኦም ተኣማሚኖም እዮም። ወጥሪ ስግኣት'ውን ዝጐደለ እዩ ነይሩ። እንተኾነ፡ ቂም! ድምጺ የለ... ገለ የለ!

'ዓጀቐ!' ኣብ መልሓስ ባሴ ዝተወቀጠት ናይ ሓርቖት ጸርፊ ሰዓበት።

ኣብ ከቢድ ብረት እቲ ዝኸፍኡ ዝተኻሰቶዮ ቦማ ዕላምኡ ወቒዑ ሓብሪ ቦታ፡ "ኣሐጉሰካ! ኣብኣ ድገም ቀልጥፍ" እናበለ ክምጉሶ ጸኒሑ፡ ዝሃጀም ሰራዊት ብዘዘረግሞ ዕላማን ዝበርኸሉ ጉልባበን ሞራሉ ሓፍ ኢሉ እናሃጀመ ከሎ፡ ዘእተኻያ ካልኣይቲ ቦማ ቂም ክትብል ከላ ዝፍጥር ሕርቃን እዩ። ምዕባስ ጥራይ ከይኣክል፡ ነቲ ዝጸለሰ ቦማ ካብ ሻምብቆ ንኸተውጽኦ ዘሎ ጻዕሪ'ውን መሊሱ ዘሕርቕ ኣጋጣሚ እዩ። ሻምብቆ ኣቕሪንካ፡ ቦማ ከይትትከሶካ ሰሚዒትካ ተቖጻጺርካ ዝፍጸም ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐ ዝሓትት ስራሕ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ቁልቁል ኣፉ ተኸልኪያ ከለኻ እንተተፈንጃራ ምልእቲ መስርዕ ኣብቂዓ ማለት'ዩ።

እዚ ሰጊርካ እንደገና ክሳብ'ቲ ዝደቀቐ ምስትኽኻልን ምምዛንን ርሕቀትን ኣወሃሂድካ ክትትክስ ተኣማሚኑ ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣቱ'ዩ። ሓደ-ሓደ እዋን፡ ብኣንጸርጸሮት ዝኣክል ነቲ ብረት ብጊደል ሃፍ ኣቢሎ'ዩ ዝመጽእ፡ ኣብ ውግእ ናይ ሓንቲ ደቒቕ ምድንጓይ ወይ ምቅልጣፍ ኣብ ዓወትን ፍሽለትን ወሳኒ ተራ ክትጻወት ትኽእል'ያ።

ኑታ ዝጸለሰት ቦማ ከውጽኡ ነቲ ሻምብቆ እናኖቕዘዎ ከለዉ 'ጭል-ጭል' ዝብል ድምጺ ሰምዑ። ነቲ ሻምብቆ ውሽጡ ምስ ፈተሽዎ ድማ እታ ብዓወት ዝተተኮሰት ቀዳመይቲ ቦማ ኑታ ምስኣ ክትማልኣ ዝዀብኣ ቃልሃ ኣብቲ ሻምብቆ ጉዲፋታ ከምዝኸደት ፈለጡ። እታ ኣብኡ ዝተረፈት ቃልሃ ኑታ መርፍእ ስለዝኸወለታ ድማ እታ ካልኣይቶ ቦማ ክትትኮስ ከም ዘይከኣለት ተረድኡ። ነቲ ቃልሃ ኣውጺኦም፡ እንደገና ሓሸዋ ኣጒዲሎም ዳግማይ ፈተነ ገበሩ። ዝተተኮሰት ቦማ፡ እንደገና ካብ ዕላማኣ ንቅድሚት ገለ ሜትሮታት ሓሊፋ ወደቐት። እታ ቃልሃ ከኣ ምስታ ቦማ ተዓዚረት - ካልእ ተሰፋ ዝህብ ፈተነ ድማ ኮነሎም። ስለምንታይ'ያ እታ ቐዳመይቲ ቃልሃ ኣብ ሻምብቆ ተሪፉ እታ ካልኣይቲ ግን ከይዳ? ዝብል ሕቶ ግድን ክምለስ ዘለዎ መሰረታዊ ሕቶ ነበረ። እዚ ንምምላስ፡ ሱፍልጠታውን ባዕላውን ትንታነታት ቀረቡ። ቃልሃ ስለዝወሓጠ፡ ስለዝረሰነ፡ ነኳላት ስለዝዀፍሐ - ስለዝጸበበ፡ ወዘተ ዝብሉ መረዳእታታት ድማ ውሓዙ።

ባሴ፡ ነቲ ቃልሃ ኣሕጺርካ ቖሪጽካ ማዕረ'ቲ ካፕሱል ገይርካ ጸቢቕ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ዝብል ሓደሽ ምጉት ኣቕረበ።

ማእከልነት ብርጌድ ከቢድ ብረት 76፡ ተጋዳላይ ሮመዳን ኣውልያይ፡ ሓበሬታ ናይዚ ሓደሽ ርኽበት ምስ በጽሖ ንባሴ ኣጸወዓ። ባሴ ሓሳቡ፡ ዝበልጸሉ ዕድል ብምርካቡ ተሓጒሱ፡ ክቐርበሉ ንዘኽእሉ ሕቶታት ዝሀቦ መልሲ እናሰላሰለ መንገዲ ቁራረጹ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ምስ ሮመዳን ተራኸበ።

"ሾ'ሞ ከመይ ኣለኻ" ተቐቢሉ ብዙሩህ ገጽን ብጺያዊ ኣቀራርባን።

"ወርቂ እንታይ ከወጽእ"

"ብጾትካ?"

"ኩሉ ሰርናይ'ዩ ዘሎ፡ እምባሕ ከኣ ንብል!" ካብቲ ልሙድ ቅልጡፍ ኣዘራርባኡ ቀየር ብዝበለ ህዱእ ድምጺ መለሰ።

ቁርሲ ተቐሪቡ እናተበልዐ ከሎ፡ ኩነታት ደፋዕ ኣዕለለ። ባሴ ከስዕኡ ዓንገሉ መንቀሊ ምህዞኡን ናይ ቀጻሊ ሓሳባቱን ብዝርዝር ንሮመዳን ገለጸሉ። እቲ ቃልሃ ናብ ራሕቢ (ስራሓት ሓጺንን ዕንጨይትን ዘፍሪ ኣሃዱ) ከይዱ ብዘመናዊ መንከሊ እንተተኸሊሉ ጸቡቕ ክመጽእ ከምዝኽእል እምነት ነበሮ። "እዚ ድማ ንሞርታር 82 ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ሓላፊ ዘጋጥመና ምዕጻስ 120 መድፍዕ'ውን ናይ ማሕታ ቃልሃ ፈቲንካ ክፍታሕ ይኽእሉ'ዩ" ኢሉ ብርእሱተኣማኒኑ ተዛረበ። ተጋዳላይ ሮመዳን ኣውልያይ ሓሳብት ባሴ ተረዲኡ፡ ቀዳማይ ንፈተነ 82 ክኸውን ብምውሳን ሸው ንሸው ንወዲ ፍረ ኣብል ኣሃዱ ራሕቢ ጸዊዑ "ከምቲ ዝበለካ ገይርካ ኣዳልዋ" ኢሉ ንኽልቲኦም ኣፋነዎም።

ባሴ ወጽኢት ሓሳቡ ብዓወት ክዛዘም እናተመነየ ንምሳሕ ናብ ምግዛበ ኣተወ። እታ ኣብ ደፋዕ ዘይትርእ ጣይታን ሓፋስ ዓደሰን ከም ጋሻ ካብኡ ናብኡ ድማ ካብ ደፋዕ ዝመጽ ጋሻ ብጸቡቕ ኣገባብ ተቐረበትሉ። ንሱ ክሽሽልል ተረኛ መጋቢ "ብላዕ ብጻይ" እናበለት ዘዘየረቐ ሽሓኒ ክትሸፍን ተረባረበ። ኣብ ርእሱ ክልተ ኩብያ ሻሂ ድርጒም ኣቢሉ ዒፍ ምስ በለ፡ ተረፍ ጽጋቡ ኩሓድግ ነብሱ ክዝበረሉ ኣይከኣለን። እቶም ኣብ ደፋዕ ዘለዉ ብጾቱ ተራእዮሞ ቁጺሩ ክወስደሎም ኣይጸልኣን። ንተረኛ መጋቢት ኣመስጊኑ ተፋነዋ፡ ኑታ መኣዲ ድማ፡ 'ካልእ መልቲ ትድግሚ ይግበርኪ' ኢሉ ብውሽጡ ተመነየ። ገለ ሰዋ እንተረኸበ ኢሉ'ውን ኣንቱና ኣፍንጫኡ ወጥዊጡ ሸተተ - ደርናኡ ስሒቡ ደኣ ተረፈ። ሓታቲ፡ ሓደ ሕጉ ዝኸውን ትንባኾ ግን ኣይሰኣኖን። ካልእ ከይተጠቕመሉ ኩሓልፍ ዘይደለየ ዕድል፡ ኣብ ሩባ ቀብሮውኣት ክዳኑን ነብሱን ጨብሪቕ ናይ ምባል ኣጋጣሚ'ዩ። ሽላኡ ተዓጢቑ ስረኡን ካምቻኡን ኣብ እምኒ ሩባ ዘርጊሑ በቲ ብ'ሳምና ጀብሃ' ዝጽዋዕ ተኽሊ ጀፊዓ ክትሓጽብ ምኳና ንፍሱ ሓበረ። ናብቲ ሩባ ምስ ወረደ ድማ ንኽሕጽብን ንኽሓጽብን ደሊው ኮነ።

ኣብቲ ሰዓቱ ሓደ ተጋዳላይ ርእሱ ኣዕፊሩ ክሕጽብ ተዓዚሞ ነሩን ደቀቕቲ ኣዒንቱ ኣፍጢጡ ድሕሪ ምጥማት፡ እቲ ብጻይ ብሓቂ ብኮመና ይሕጸብ ምህላዉ ኣረጋገጸ፡ ከም መፍለስ ጠበ ኣተዎ።

"ሰላማት ብጻይ"

"ሰላማት" መለሰ እቲ ሳሙና ዓፍ ዝብል ዝነበረ ብጻይ።

ባሴ ብዚዩ ሕቶ ኣብ ጉት ኮፍ ኢሉ ርእሱ ክሕጸብ ጀመረ። ኣሃዱታቶም ድሕሪ ምፍላጥ፡ "እንኳ በል ብጻይ፡ ሓንቲ ኣዕፍረላ!" ኢሉ ኑታ ሳሙና ኣቐበሎ።

ኣብ ገድሊ ሳሙና ክትረክብ ፍሉይ ዕድልን ሳሕቲ ዘጋጥምን'ዩ። ባሴ፡ 'ሓንቲ ኣዕፍረላ' ተባሂላ ዝተዋህበቶ ሳሙና ንውሕ ዝበለ ግዜ ወሲዱ ንርእሱ ደጋጊሙ ፋሕፈሐ። ካልኣይቲ ምዕፋር ኣማልኡ፡ ጸጉሩ ሰንቲኑ መስመስ እናበለ ናብ ኣሃዱኡ ተበገሰ።

ኣባላት ከቢድ ብረት ዝጠጥሞም ብደሆ ንምፍታሕ ዘይገብርዎ ነገር ኣይነበረን። ባሴ ኣብ 1977 ካብ ዝሰለፍ ጀሚሩ ካብ ብርጌድ 76 ከይተቐየረ ልዑል ምልክት ከቢድ ብረት ዘጥረየ ምኩር ተጋዳላይ'ዩ።

ሞርታር 81 ዝሸፍኖ ርሕቀት ኣርባዕተ ኪሎ ሜተር፡ ሞርታር 82 ዝሸፍኖ ድማ ሰለስተ ኪሎ ሜተር'ዩ። ስለ'ዚ፡ ነተን ካብ'ዚ ርሕቀት'ዚ ወጻኢ ኮይነን ዝትከላ ታንክታት ጸላኢ ንምውቃዕ ሓደሽ ብረት ምጥላብ ዘይካኣለ ሓደሽ ሓሳባት ኣቕሪብካ ሓደሽ ጥበብ ብምፍጣር ሕጽረታትካ ባዕልኻ ምፍታሕ'ዩ። እዚ ናይ ከቢድ ብረት ገድሊ ንምፍታሕ፡ ካብ ውድብ ጥቕላል ሻሽ ናብ ደፋዕ ክልኣኽ ጀመረ። ደቀንስትዮ ተጋደልቲ ነቲ ሻሽ እናቖረጻ ቅርጺ መዓንጣ ሰብ ዝሓዘ ከረጺት ገይረን ይሰፍያኦ። ልክዕ ሚዛን ናይቲ ኣብቲ ከረጺት ዝምላእ ናይ ደቒቕ ሓሸዋ ንምስፋር፡ ሕጂ'ውን ሚዛን ክጥሉብ ኣይከኣላ፡ ኣብ ክበቢኻ ብዘሎ ይኸውን'ዩ ዝበልካዮ ንብረት ኣኻኺብካ ሚዛን ምስራሕ እዩ።

ሓደ ሓደ እዋን ግን ክቱር ድሌት ዘጥገኦ ዝያዳ ሓሸዋ ገይርካ ዝያዳ ርሕቀት ንምሽፋን ኣብ ዝተገብሩ ፈተነታት፡ ቦማ ንሻምብቆ ብረት ፈንጂሩ ህይወት ጀጋኑ ወሲዱ'ዩ።

ድሕሪ ገለ ሳምንቲ፡ ሓደ ተጋዳላይ 'ብፎርሙላ ባሴ' ዝፈረየ ኣርባዕተ ሓብ ዝኾና ቁጻር ተሓንጊጡ ናብ ኣሃዱ ባሴ ደበኽ በለ። ባሴ ነቲ ንብረት ብኸሉ ክፍሊ ኣካላቱ ገምጊሙ ዳህሰሶ፡ ክፍትሓን ድማ ተሃንጠየ። ኣብቲ ተጸራሪቡ ዝመጸ ፍርያት ራሕቢ ዝኾነ ሓደሽ ቃልሃ ካፕሱል ኣስጢሙ ድሕሪ ምስዃድ ኣብቲ ወትሩ ኣፉ ናብ ጸላኢ ዘንቃዕረረ ሻምብቆ ብረት ኣጒረሶ። ገለ ዕዉት ኮይኑ ናብ ጸላኢ ዓለበ፡ ገለ ግን ኣብቲ ሻምብቆ ተረፈ። ወጽኢት ናይዚ ናብ ሮመዳን ኣውልያይ ተላእከ።

ባሴ በዚ ወጽኢት ኣይተሰናበደን። ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ድማ እቲ ቃልሃ ሓጺን-ብሓጺን ስለዝኾነ መዓርር ናይ ደሸካ ቃልሃ - ኑታ ክርቢት ዘሎታ - ኣትሪፍካ ክትዓሎ'ሞ እቲ ሓሸዋ ናይ ካፕሱል ምስ ሰፈሩ ኣእቲኻ ክፍተን ኣለዎ ዝብል መረዳእታ ሓዘ። እዚ ሓሳብ ኣብ ተግባር ወዒሉ ወጽኢታዊ ኮነ። ብተወሳኺ፡ እቲ ባሴ ምስ ሮመዳን ኣውልያይ ኣብ ዝተራኸብሉ ግዜ ብዛዕባ መድፍዕ 120 ዝተዛራረብሉ፡ ሓላሊፉ ዝዕክሰሉ እዋን ስለዝነበረ ብቓልሃ ማሕታ ክፍታሕ ዝብል ዝነበረ ሓሳብ'ውን ተፈቲኑ ኣድማዒ ወጽኢት ሃበ።

ድሕሪ'ዚ፡ ኩሉ'ቲ ሓሳባት ተቐባልነት ረኺቡ ጨንፈር ጸገና ብረት ውድብ ናይ ደሸካ ቃልሃ እናቖረጹ ብምስናዕ ናብ ምሉእ ውድብ ከም መሻርፍ ክዕድሉ ጀመሩ።

እዚ ዓቢ ምስክር ተብላሓትነት'ዚ ኣብ ግብሪ ወዒሉን ቅያ ሰሪሑን። 'ዘይከኣል የለን' ዝብል ሰረተ-እምነት ህዝባዊ ግንባር ብዙሕ ፍሉይን ኣብ መዘኻብ ክብሪ ክሰፍር ዝኽእልን ጥበብ ምብልሓት ኣብ ተግባር ኣውዒሉ'ዩ። ኣብ መዘኻብ ጊንስ ገድሊ ሰፊርም ታሪኽ ከዘንተዉ ድማ ግዜኡ'ዩ።



# ንእፍልጦ

ጆሚ/ ደጀን ተኽለ

## ደብዳበ ፍቕሪ

## ንመጻኢ ጠምቲ



በናት፣ ናፍቖት ዝሓዘለ ክቡርን ዕዙዝን ልባዊ ሰላምታይ ተቐበሊ። ዝጀመርናዮ ጉዕዞ ፍቕሪ ወግዒ ከይትሕዞ ኣብ እንሻባሸበሉ ዘለና መድረኽ፣ ከምዚ ዓይነት ህያብ ዘጸምጻኻልይ'ባከምዚ'ባእናበልኪ ንድሕሪት ዝመልስ ትርጉም ዘይብሉ ሓሳብ ምብዛሕኪ ከይገረመኒ ኣይተረፈን። ልክዕ'ዩ ፍቑራት ምስ ፈተውቶም ህያብ ክለዋወጡ ከም ዘለዎም ዝዘንግዐ ኣይኮንኩን። እዚ ክትገብር ትሕዝቶ ከም ዘድሊ'ውን ዝዘንጋዕኪ ትመስሊ።

ሎሚ ንድሕሪት ምልስ ኢለ ነታ ናይ ሌላና ህሞት ክዝክራ እንከለኹ፣ እቲ ሽዑ ዝተሰምዓኒ ፍርሒ ከም'ዛ ሕጂ ኰይኑ'ዩ ዝስመዓኒ። ልበይ ብቖላሕታ ፍሩያት ኣዒንትኺ ተወጊኣ ኢዳ ምስ ሃበት፣ ደም ዘይኩነ ፍቕሪ'ያ ኣዛርያ። ኣብ ቅድመይ መደፍዕ ከም ዝተተኮሰ ብሰንባደ ዲግ ዲግ ኢላ ካብ ሰፈራ ነፈራ ክትወጽእ ዝተረፋ ኣይነበረን።

ፍቕሪ ኣብ መንጎ'ቶም ክልተ ፍቑራት ዘሎ ሓልዮት፣ ወሀደትን ምክብባርን'ዩ ዘሐይሎ። ርክብና ናብ ቁም-ነገር ክሰግር እናተዳለና፣ እዚ ግበረለይ ከምዚ'ባ እናበልኪ መደብና ኣይተሰናኸሊ። እዚ ፍቕሪ ዘይኩነ ግዝያዊ ሸርክነት'ዩ ዝስሙ። ፍቕሪ ብትብልያ ወይ ብዘመጸካ ህያባት ኣይኮነን ዝምዘን። ኣፍቃሪ ንስለኻ ክብል ዝሽፍሎ ዋጋን ግዜን'ዩ ንፍቕሪ ሰራውሩ ዘደልድሎ።

ኣብ ልዕሌኺ ዘለኒ ክብርን ፍቕርን መዳርግቲ ኣልቦ'ዩ። ኣብ ሜዳ ሸኻ ልበይ ንሓዋሩ ከተዕርፊ ስለ ዝኸኑ ባህገይ፣ ንኮሪ'ምበር ንግዝያዊ ዝሓስበኪ ኣይኮንኩን። ኣፍቃሪተይ ስለ ዝኾንኪ ከምዚ ገለ ተብለጽቲ ዝጉበኡዎ ብፍቕሪ ኣሳቢብ ናብ ዘይተደልየ መንገድን ዕንደራን ክመርሓኪ ድላይ የብለይን። ፍቕሪ ደረት ኣለዎ። ክትገብሮም ዘለካ ነገራት ወሰናትን ድሩታትን'የም።

ፍቕርና ውሑስ ኰይኑ ኣብኑ መታን ክህልዎ፣ ንኸዶ መንገዲ ንጽባሕ ዝጠሙተ ምስ ዝኸውን'ዩ ኣብ ድላይና ዘብጽሓና። እምበር ከምዚ ትብልዮ ዘለኺ ኣብሪ ዕላማ እናሓንጸጽና፣ ቀንጠመንጢ ክትሓስቢ ዝግባእ ኣይኮነን። ዘበገስናዮ ፍቕራዊ ጉዕዞ ኣብ ጫፍ ዓወት ከም ሕልምናን ትምኒትናን ንምብጻሕ ራኢናን ዕላማናን ክንዘንግዕ ኣይግባእን። ግዝያዊ ባህታ ዝፈጥሩ ነገራት ከሎ ሳስ፣ ኑቶም ንሓዋሩ ሓጎስ ዝህቡናን ንናብራና ዘመቅሩን ነገራት ክይንኸስሮም ኣዚና ክንጥንቀቕ ኣለና።

## ቺርስ (ቺን-ቺን)



ኣብ ዝበዝሑ ኢጋጥሚታት ብፍላይ ከኣ ኣብ ዓበይቲ ጸምብላት ከም መርዓ፣ ሕጹ ዝኣመሰሉ ድግሳት ሕድሕድ ብርጭቆ እናተጋጨዉ ቺርስ ንጥዕና ክበሃል ንሰምዕ ኢና። እዚ ልምዲ ካበይ ከም ዝማዕበለ ንፈልጥዶ?

ቀደም ዘመን ኤውሮጳውያን ኣብ ጋኔን ወይ ሰይጣን ልዑል ፍርሒ ከም ዝነበሮም'ዩ ዝግለጽ። ኣብ እምነቶም ከኣ ሰይጣን ወይ ጋኔን ኣብ ቤተክርስትያን ኣይኣቱን'ዩ ዝብል እምነት ነሮም። ምኽንያቱ ኣብ ቤተክርስትያን ጸናጽል ሓጨውጨው፣ ከበሮ ዳም ዳም ክብል እንከሎ፣ ሰይጣን ከም ዘይፈትዎ'ዩም ዝኣምኑ። ስለዚ፣ ሰይጣን ኣብቲ ድግሶም ንኸይኣቱ ዘተኣታትውዎ ጥዑብ ሓድሕድ ብርጭቆ ብምግጫው 'ቺርስ' ምብሃል'ዩ። ምኽንያቱ ብርጭቆታት ኪጋጨ ከሎ ሓጻልጻል ዝብል ድምጺ ስለ ዘፈጥር፣ ሰይጣን ኣብ ቤተክርስትያን'የ ዘለኹ ኢሉ ብምሕሳብ ካብቲ ድግስ ንኽርሕቕ ዝግበር ዝበረ ልምዲ'ዩ።

## ሕርቃን - ከም መመቀሪ ህይወት

ስምዒት ጸቕጢ፣ ጠንቂ ብዙሓት ሕማማት'ዩ። መብዝሕትኡ ግዜ ሕርቃን ማበሲ ስምዒታዊ ጸቕጢ'ዩ። ሕርቃንካ ብዮዙበረ መልሲ፣ ማለት ነቲ ጠንቂ ሕርቃነይ'ዩ እትብሎ ሰብ ከተጉዝኢ ምፍታን፣ ንግዜኡ ስምዒትካ ዘርወኻ ኰይኑ ይስምዓካ። እንተኾነ ግን ሳዕቤኑ ከቢድ'ዩ። ኣብ ዘይተደልየ ናይ ሕነ ምፍዳይ ሓሸውየ ትጽመድ'ሞ ሰላም ካብኻ ትርሕቕ።

ኣብ ግዜ ሕርቃን፣ እቲ ዘሕርቐካ ከም ኣሹሓት ኣፍረሰ ኣብ ዘርያኻ ዝጋልቡ ዘለው ኰይኑ ክስምዓካ ይኽእል ይኸውን'ዩ። ረጊእካ፣ ገዛእ-ርእስኻ ወዲብካ ምስ እተስተውዕል ግን፣ እቶም ኣሹሓት ኣፍረሰ ኣብ ዘርያኻ ዝጋልቡ ኰይኖም ዝሰምዑኻ ዝበሉ ንእሽቶይ ዒሉ ጥራይ ኰይና ክትጸንሓካ'ያ - እቲ ዘጋጥመካ መከራ ቀሊል - ክትቆጻጸሮ'ምበር ክቆጻጸረካ ከም ዘይክእል ትርዳእ።

ኣብ ግዜ ሕርቃን፣ ንንውሕ ዝበለ መንገዲ ብእግርኻ ብምጉዓዝ፣ ካብቲ ዘሕርቐካ ግልል ኢልካ ንነገራት ከተመዛዝን ስለ ዘኽእለካ ኣዘውትሮ። ምናልባት እዚ ከቢድ ኰይኑ ክስምዓካ ይኽእል ይኸውን። ከምኡ ብምግባርካ ግን ብዙሕ ረብሓ ክትረክብ ኢኻ። ካብቲ ዘሕርቐካ ሃዋህው ምግላልካ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መገድኻ ብዙሓት ካብኻ ንላዕሊ ዝተሸገሩ ትረኽበ'ሞ ምስቲ ገጢሙካ ዘሎ ኩነታት ተገናዘቦ። ካብ ሕርቃን ዝተላዕለ ምስቲ ዘሕርቐካ ዘሎ ሰብ ኣብ ካልእ ዘይተደልየ ጎንጺ ካብ ምእታው'ውን ትድሕን። ባህሪ ጸጋታት ብምዕዛብ ካብ ሕርቃንካ ወጻኢ ንኽትብል ይሕግዘካ። እዚ ዓይነት ኣካይዳ ንኣእምሮኻ ብሕት ኢልካ ክትቆጻጸሮ ዘኽእል መንገዲ ኰይኑ ክትረኽቦ ኢኻ።


ሕርቃን ልክዕ ከም በርቂ'ዩ። ኣብ ወሽጢ ደበና ዝበርቕ በርቂ፣ ንናይ ምግዛእ ትዕግስትን ዓቕምኻ ዝፈታትን መሰናኽል። ዝ ፈተናዚ እንተ ደኣ ሰጊርካዮ፣ መላኺ ገዛእ-ርእስኻ ስለ እትኸውን ኩሉ ነገር ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ይኸውን'ሞ ርግኣት ይስምዓካ። ትሑትን ፈቃርን ድማ ትኸውን። ዝያዳ ካልእ ግዜ ኣብ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ፍቱው ትኸውን።



እቲ ብሓይሊ ንሓሰን ማዕበልን ተናዊጹ ዝውሕል ጉምጉም ባሕሪ እስከ ንተዓዘቦ። እንክትርእዮ ባህታ'ዩ ዝፈጥረልካ። ልክዕ ከም ባሕሪ ብውሽጣዊ ሕርቃን ክንናወጽ ንኽእል ኢና። ከምቲ ነውጺ ባሕሪ ንጸጥቃ ዘኩልሕ፣ ንሕርቃንና ከም መመርመሪ ውሽጣዊ ዓቕምናን ሕቡእ ብልሕናን ንጠቕመሉ። ከምዚ እንተ ዘይገበርና ግን ጉዳይ ናይዚ ጸቕጢ ኳንና መኣዘዝና ከጥፍኦ ንኽእል። ስለዚ፣ ንሕርቃን ከም መመቀሪ ህይወትናን ከም መለክዒ ምስ ገዛእ-ርእስናን ከባቢናን ዘሎና ዝምድናን ክንወስዶ ይግባእ።

ምንጪ፡The flowers shawerd

## ፕለይጀሪዝም እንታይ'ዩ?






ፕለይጀሪዝም (ስርቀተ-ሓሳብ) ማለት ንናይ ካልኦት ሰባት ስራሕ ደርሰት፣ ቅብኣ፣ መዚቃ ወዘተ. ከም ናትካ ስራሕ ኣምሲልካ ምቕራብ እዩ። ንኣብነት፣ ሓደ ንዝተዋህቦ ናይ ምርምር (research) ዕዮ ንምድላው ካብ መወከሲ መጻሕፍቲ ንዝረኸቦ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ዝቕድሕ ተማሃራይ፣ ፕለይጀሪዝም ፈጺሙ ይበሃል። እዚ ማለት ፕለይጀሪዝም ክበሃል እንተኾይኑ፣ እቲ ዝተወሰደ ሓሳብ ምስ'ቲ መወከሲ ጽሑፍ ፈጺሙ ፍልልይ ምስ ዘይህልዎ እዩ።

ፕለይጀሪዝም ከም ዘይስነምግባራዊ ተግባር ይቑጸር። ዝ ንምክልኻል መሰል ደርሰት (copy right) ዘውሕሱ ሕግታት ፕለይጀሪዝም ንዝፈጸመ ሰብ ብገንዘብን ማእሰርትን ይቕጽዑ። እዚ ኸኸውን ግን እቲ መበቆላዊ ጸሓፊ ነቲ መሰል ደርሰት ግዚኡ ስርቀተ-ሓሳብ ዝፈጸመ ሰብ ክኸሶ ኣለዎ።

ናይ ትምህርቲ ትካላት ፕለይጀሪዝም ኣየፍቅዳን'የን። ስለዚ፣ ፕለይጀሪዝም ዝፈጸመ ተማሃራይ ንድስፕሊናዊ መቕጻዕቲ ይቃላዕ።

ጠቢያት፣ ሓፈሻዊ ሓሳባት ወይ ወሰን ሓበሬታ ካብ ዝተሰርሑ ፍርያት ሱ ጥዑብ ከም'ኡ'ውን መጻሕፍቲ ምርዓም ከም ፕለይጀሪዝም ኣይቁጸርን። ዋርጋ ኩሎም ደረስትን ሱ ጥዑባውያንን ካብ ፍርያት ሱ ጥዑባትን ብኻልኦት ዝተደርሱ ጽሑፋትን ይልቅሑ እዮም። የግዳስ ኣብቲ ናቶም ስራሕ ብዝተፈልየ ኣገባብ ገይሮም የቕርብዎ። ከም ዘለዎ እንተ ተወሲዱ ግን ምንጪ መወከሲ ምጽሓፍ ይግባእ። ደረስታት ዊሊያም ሽክስፒር እንተ ርኢና መብዝሕትኡ ናይ ደርሰት ትልምታቱ ካብ ኣቐዲሞም ዝተደርሱ ልብ ወለዳትን ናይ ታሪኽ መጻሕፍትን'ዩ ወሲዱዎ። እንተኾኑ ናቱ ፈጠራ ብምውሳኽ ፍሉይ ፍርያት ኣቕሪቡ።

ብዙሓት ፕለይጀሪዝም ንሕጊ መሰል ደርሰት (copy right) መሰረት ገይሩ ንዝተወሰደ ሓሳባት ሱ ጥዑብ ወይ ደርሰት ኣየጠቓልልን። ንኣብነት ንትምህርታዊ ምርምር፣ ዜና ወይ ንህዝባ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ብዘይ ፍቓድ ምሕታም ዝፍቀደሉ ኩነት ኣሎ።

ብሰንኪ ፕለይጀሪዝም ብዙሓት ሰባት ኣብ ጸገም ክወድቁ ይረኣዩ። እቶም መበቆላውያን ጸሓፍቲ ወይ ኣፍረይቲ ናይ ሱ ጥዑባዊ ስራሕ ኣደዳ ክሳራ ክኾኑ ከለው፣ ብወገን ፈጸምቲ ፕለይጀሪዝም'ውን ወጻኢታቱ ወርደት፣ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ፣ ማእሰርትን ተጸሊዑ ካብ ሕብረተሰብን የጋጥሞም። ንኣብነት፣ ቅድሚ ቁሩብ ዓመታት ሓንቲ ናይ ጀርመን ሚኒስተር ብሰንኪ ዝፈጸመቶ ፕለይጀሪዝም ብውርደት ካብ ስልጣና ከም ዝተኣልየት ኣይርሰዐን። ምኽንያቱ ሓቂ ግዜኡ ሓልዩ ምውጽኡ ስለዘይተርፍ።

ምንጪ፡ encyclopedia & internet

መም/ ስምኦን ታደሰ

## እተመሳቕለ ቃላት ስርሑ

ኣብ ታሕቲ ናይ ጋድምን ናይ ትኹልን ቃላት ተዋሂቦም ኣለው። ከም መጀመሪ ድማ ፊደል 'ጽ' ተዋሂባ ኣላ። ስለዚ ካብዛ ፊደል ብምብጋስ ነዘ ዝተመሳቐለት ቃላት ስርሕዋ። ናይ ጋድም ቃላት ንጋድም፣ ናይ ትኹል ቃላት ድማ ንትኹል ጥራይ ክምልኡ ይግባኦም።

### ናይ ጋድም ቃላት


ጽፈፍ
ጽንዓት
ቦታ
ሉኪሚያ
ካህን
ጽፍሪ
ልጎም
ጽናዕ
ልቡጥ
ኣያ
ጽንኩር
ንፍዕቲ

### ናይ ትኹል ቃላት

ጽላል
ጽንጽያ
ሚኒታ
ጽሉል
ዒርኩ
ፍሉጥ
ቡን
ጺያፍ
ርሳዕ
ራዛሞ
ጎረፈ
ዕሊ

| | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | ■ | | | | |
| | ■ | | | | ■ | | ■ |
| | | | ■ | | | | |
| ■ | | ■ | | | ■ | ■ | |
| ጽ | | | ■ | ■ | | | |
| | ■ | | | | | ■ | ■ |
| | | | ■ | | | | |
| ■ | | ■ | | | ■ | | ■ |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)



ትዕዝብቲ

# መንእሰይ መራሕን ቀላስን መጻኢ!

ቡቲ ቅኑዕ መግለጺ፣ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ህይወት፣ ትማሊ ሎሚ እዩ፥ ሎሚ ድማ ጽባሕ እዩ። ሎሚ፣ ፍረ ናይቲ ትማሊ እተደኸሞሉ እዩ። እቲ ሎሚ ዝጸዓረሉ ዘሎ ድማ፣ ምህርቱ ጽባሕ እዩ ክሕፈሱ። መጻኢ እምበኣር ኣብ ሎሚ እዩ ዝፍጠር፣ ካብ ሎሚ እዩ ዝቖለቑ። ብኣእምሮን ጸዓትን ናይ ሎሚ ሰባት እዩ ዝምእዘን። ቀለስቲ ወይ ኣማእዘንቲ መጻኢ፣ ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተኾኑ፣ እቲ ዝዓበየ ግደ ግን ናይ ሰብ ምንጩ ኣየጓትዕን። ሰብ ብበቡ ድማ፣ እቲ መንእሰይ ክፋል ሕብረተሰብ። ናይ ጽባሕ ቀለስቲ እምበኣር፣ ናይ ሎሚ መንእሰያት ኢና። ቀለስቲ ውልቃዊ ህይወትና ጥራይ ኣይኮናን፣ ብዓብኡ ቀለስቲ ኮማዊን ሃገራዊን ህይወት።

በዚ መንጽርዚ ክርአ እንከሎ፣ ዕድመ ንእስነት ዓቢ ዕድልን ብድህን እዩ። ገድሊ ክንብል ከሎና፣ ብልሙድ ንኣርነታዊ ቃልሲ ስለዝመልክት ድኣ እምበር፣ ኣብ ዝኾነ ታሪኻዊ መድረኽ፣ ህይወት ደቂሰቡ ብሕልፊ ድማ ህይወት መንእሰያት፣ ገድሊ እዩ። ምኽንያቱ፣ ሕብረተሰብ ዝጠጥሐን ዝመችኣን መጻኢ ንምፍጣር ወትሩ ኣብ ቃልሲ እዩ ዝዕበር። መንእሰይ ድማ መራሕን ቀላስን ናይ'ዚ ተጋድሎ'ዚ እዩ። ከም ኣጉልጾ እቲ ወሩይ ግሪኻዊ ፈላሳፋ ኣሪስቶትል፣ "ሰብ ንብሱ ኣይተፈጥረን፣ እንታይ ድኣ ንሕብረተሰቡ እምበር።" ብሕልፊ ድማ መንእሰይ። ከመይሲ ንእስነት፣ ብዙሕ ጸቡቕ ነገራት ክትሰርሕ ዘኽእለካ ዓቕሚ፣ ጥዕናን በሊሕ ኣእምሮን እትውንነሉ መድረኽ ናይ ህይወት ብምዃኑ፣ ወዑይ ሓይልኻ፣ ብርቱዕ ጸዓትካን ብልሒኻን ኣብ ምድራኽ ሰብኣዊ ምዕባለ ንምውዓል እትብህለሉ ግዜ እዩ። ብሓጺሩ መንእሰይ ደላይ ጸቡቕ እዩ፥ ለውጢን ምዕባለን ስለዝብህግ፣ ሓያል ናይ ምስራሕ፣ ምብልላትን ምምሕያሽን ወኒን ስምዒትን ኣለዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ መንእሰይ ፈታው ሓቂ፣ ፍትሒን ማዕርነትን እዩ። ዓመጽን ኣድልዎን ኣይፈቱን። ኩሉ መንእሰይ ካብዚ ተፈጥሮኣዊ ባህርያቱ'ዚ ተበጊሱ፣ ምዕባለን ፍትሓውን ሕብረተሰብ ክህልወሉ እዩ ዝብህግ።

መንእሰይ እዚ ዝተጠቕሰ ተፈጥሮኣዊ ስምዒትን ባህግን ካብ ሃለዎ እምበኣር፣ ባህግታቱ ክሰምር፣ ንመጻኢ ግዜ ብምልእ ልቢን ትሰፋውትን ናይ ምጥማት ልዑል ርእሰ ምትእምማንን የድልዮ። ትሰፋውትን ማለት ንዘይብልካ ነገር ከምዝለካ ሓሲብካ፣ ወይ እትብህጎ ከም ማና ክትጥበቖ እናተጸበኻ፣ ንኹሽካ ብኣጉል ተስፋ እናታለልካ ምንባር ማለት ኣይኮነን። ትሰፋውትን፣ ዝኾነ ነገር ብስራሕ ክብጻሕን ክጭበጥን ከምዝክኣል፣ ምሉእ እምነት ኣሕዲርካ፣ ምስራሕን ምጽዓርን ማለት እዩ።

ህይወት መንእሰይ፣ ቃልሲ ካብ ኮነ፣ መንእሰይ ተቓሊስካ ምዕዋት፣ ከም መምርሒ ህይወቱ ክወስዶ'ዩ ዝግበኦ። ተቓሊስካ ምዕዋት ከም መርሓ ህይወትካ እንተወሲድካዮ ክበድ ወይ ፈጺሙ ኣይክእልን ዝበሃል ዕማም የለን። ናይ ትማሊ መንእሰያት ኤርትራ ከም ኣብኡ እንተወሲድና፣ ዓለም ኣይክኣልን ዝበሎቶ ገድሊ እዩም ከምዝክኣል ኣማስከርዎ። ተቓሊስካ ምዕዋት መርሓ ህይወቶም ስለዝገበርዎ። መንእሰይ ኣብ ከምዚ ዝተጠቕሰ ደረጃ ንቕሓት እንተበጺሑ፣ ብድሆታት ናይ ምስጋር ክእለቱን እምነቱን መለክዒ የብሉን። ናጻ ኤርትራ፣ ውጽኢት ልዑል ርእሰምትእምማን ናይ ትማሊ መንእሰያት እያ። መጻኢኣ ድማ፣ ኣብ ትሰፋውትን ርእሰምትእምማንን ናይ ሎሚ መንእሰይ ወለዶ'ዩ ዝምርኮሱ።

ንሕና ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ መንእሰያት፣ ከም ቀዳሞት ኣቦታትናን ኣደታትናን ናጽነት ዘይተሰርፍና፣ ተሰፋን ሓጎስ ሰቒቓ ኣብ ጸጸባሕ እትዓቢ፣ ኩሉ ሳዕ ኣብ ጎደና ምምሕያሽ እትውንጨፍ ሃገር ከም እንብህግ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ፣ ማሰርዕ ቁረጻ እትሓድር ሃገር ክትህልወና ኣይንደልን ኢና። ሃገራዊ መንፈስና መመለሱ እናተሓደሰ፣ ህርኩትናና እናዓንተረ፣ ናብ ፍጹም ምልኣት ብናህሪ ክንምርሓላ እዩ ሃረርታና። በዚ መንጽር'ዚ ክንርአዮ እንከለና፣ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ፕሮግራሙ ዘስፈሮ ራእዩ፣ ናይ ኻሲ ወከፍ ደላይ ጸቡቕ መንእሰይ ሓቀኛ ባህግን ሃንቀውታን እምበር ካልእ ኣይኮነን። ኣብዚ ራእይ'ዚ ዘይሰማማዕ መንእሰይ፣ ሓደ እኳ የብልናን። ምኽንያቱ ሓድነትናን ጥሙር ጻዕርናን ንልምዓትን ንሱ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ናብዚ ራእይ'ዚ እናማዕደና፣ ብልዑል ድሌትን እምነትን ተወፊና ዓቢ እጃም ከበርክት ጀሚሕናን ኣሎና። ኣብ ምዕቃብ ልኡላውነት ሃገር፣ ክብሪ ዋጋ ከፊልና ከውብቖ፣ ክሳብ ሕጂ ኣእምሮኣዊን ጉልበታውን ጸዓትና ንሃገራዊ ልምዓት ብዘይብቒ ንወፊ ዘሎና፣ ኣብዚ ራእይ'ዚ ስለዝሰመርና ኢና። ትምኒትና፣ ህዝብና ንሱብ ዝበቅዕ ህይወት ዘስተማቕረሉ፣ መጻኢት ወለዶታት ድማ ኣብ ዝበለጸን ዝበልጸገን ባይታ ዝዕበዩላ ሃገር ክትህልወና እዩ።

መንእሰያት ናይዚ መድረኽ'ዚ፣ ካብ ውልቃዊ ጥቕሚ ንላዕሊ፣ ጥቕሚን ህዝብን ሃገር ዘቐደምና ወፋያት ተረካቢት ሕድሪን ቀለስቲ መጻኢ ዕድል ናይ'ዚ ሃገርን ኢና። እዚ ንፖለቲካዊ ምምልኻዕ ዝቐርብ መግለጺ ዘይኮነ፣ ብዮዜበሪ ኣብ ኩሉ ከብቢታት ሃገር ተዋፊሩ ከም ንህቢ ዝጽዕር ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ዘመስክሮ ዘሎ እዩ። ብመገዲ ሃገራዊ ኣገልግሎት፣ ኣእምሮኣዊን ጉልበታውን ጸዓትና ኣሰሚርና፣ ድኽነትን ድሕረትን ንምውጋድ ብሓያል ድሌት፣ ተወፋይነትን ምጽማምን፣ ርጉጽና እናፍሰስና ክይተሓለልና ንጽዕር ኣሎና። ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፣ በዚ ሓያል መንፈስ'ዚ ስለዝሰራሕና፣ ሃገርና ኣብ ቀረባ ርሑቕ ብሩህ መጻኢ ኣብ እተማዕድወሉ መድረኽ ኣርጊጽናያ ኢና። ፍረ ጻዕርና፣ ሕጂ'ውን ቃላት ዘይሃቦ እቲ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገር ንዓይኒ ጉሉሕ ኮይኑ ዘሎ ልምዓት እዩ ዝምስክሩ።

ብሓያል ባህግን ኒሕን ሳላ ዝሰራሕና፣ ንፖለቲካዊ፣ ባህላዊን ማሕበራዊን ለውጢ ህዝብና ዝድርኽ ጥጡሕ ባይታ ክንጸርግ በቒዕና ኣሎና። እቲ ብልዑል ሃገራዊ መንፈስ ዛዚት ዓሚምናዮ ዘሎና ልምዓታዊ ዕዮታት ሓደት መዳርግቲ ጥራይ ዝርከቦ እዩ። ውሕስነት መጻኢ ንምርግጋጽ ዝወጸ ሃገራዊ መደብ ንምዕዋት፣ ኣብ ሰራዊት ይኹን ኣብ ሃገራውያን ኩባንያታት ህንጻ ተሰሊፍና፣ ቅድሚ ኣብነና ልምዓት ሃገር ኣቐዲምና፣ ግዚያዊ ጸገማት ተጻዊርና ብልዑል ትግሃትን ተወፋይነትን ብዘይሰለልናዮ ስርሓት፣ ኣብ በበይኑ ከበቢታት ሃገር፣ ንመጻኢ ሕርሻዊ ጸጋታትና ብዘቐዋት ንምምዝማዝ ዘኽእሉ መሰረታዊ መንጸፍ ኣዋዲድና፣ ኑቲ ኣብ ዝናብ ዝምርኮስ ያታዊ ኣጉዕብ ማሕረስ ናብ ዘመናዊ ሕርሻ ኣብ እንቕይረሉ ደረጃ በጺሕና ኣሎና። ከም ውጽኢቱ ድማ፣ ሕርሻዊ እቶትና፣ ካብ ሕጂ ንድሓር እናተዓጸጸፈ ክኸይድ ምዃኑ ርጉጽ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ ኩሉ ከበቢታት ሃገር ጽርግያታት፣ መዝበሪ ኣብዩቲ፣ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፣ ቀረብ ጸዓት፣ ኣገልግሎት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ብምዕሩይነት ንምርግጋጽ ብዘዮማምናዮ ስርሓት፣ ኑቲ ርሑቕ ዝበሃል ዝበረ ከበቢታት ሃገርና ብናይ ሐደት ሰዓታት ጉዕዞ ከምዝበጻሕ ክንገብሮ በቒዕና ኣሎና። ኣብ ኩሉ ከበቢታት ሃገር መንበቲ ጽርግያታት ብምስራሕ፣ ኩሉ ቦታታት ሃገርና ምስ ዕዳጋታት ማእከል ሃገርን ወጻኢን ዝራኸበሉ ባብ ኣርሒና፣ ንወፍሪ ከምኡ'ውን ንዝተፈላለየ ንግዳዊ፣ ሕርሻዊን ቁጠባዊን ንጥፈታት ምቹእ ባይታ ክንፈጥር በቒዕና ኢና። ተጉዳስነት ናይ ወሸጥን ግዳምን ኣውፈርቲ ኣብ ሕርሻ፣ ዕደና፣ ኢንዱስትሪን ጽላት ቱሪዝምን እናዓበየ ክመጽእ፣ ናብ ግዙራዊ ተቦኽሶታት ክሰግርን ንርኢ ዘሎና ውጽኢት ጻዕርና እዩ።

ኣቦ'ቲ ቀንዲ መግለጺን መርኢያን ሰብኣዊ ምዕባለ ዝኾነ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣውራ ድማ ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲን ጥዕናን እውን እንተኾነ፣ ኩሎም ዜጋታትና ብሕልፊ ድማ፣ ኣብቲ ኣገልግሎታት ተሓሪምዎ ዝጸንሐ ርሑቕ ገጠራት ዝርከቡ ዜጋታትና፣ ዕድል ትምህርቲን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕናን ዝረኽቡሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ብዙሕ ተዓዊትና ኢና። ብዓኦ ዝስዕብ ዝበረ ኣዝዩ ብዙሕ መጠን ሞት ክውገድ ምኽኣሉ፣ ኩሎም ቈልዑ ክታብት ዝረኽብሉ፣ ኣዴታት ኣብ ግዜ ጥንሲን ሕርስን ብቐረባ ክንክን ዝረኽብሉ ኩነታት ምፍጣሩ፣ ጉሉሕ መርኣያ ናይቲ ከም ውጽኢት ጻዕሪ ህዝብን መንግስቲን፣ ኣውራ ድማ ከም ውጽኢት ጻዕሪ መንእሰያት ናይዚ መድረኽ'ዚ ክረጋገጽ በቒዑ ዘሎ ደረጃ ሰብኣዊ ምዕባለ እዩ።

ነፍሲ ወከፍ ወለዶ ኹቱ ታሪኽ ኣለዎ። ኣያታትናን ኣቦታትናን ናይ ንእስነት ዕድመኦም ንሃገራዊ ናጽነት ወፍዮም፣ ናጽን ዘሐብን ታሪኽ ዘለዋን ሃገር ኣረኪቦምና። ራእዮም ራእይና ባህጎም ባህግና ስለዝኾነ ከኣ፣ ንሕና ናይዚ መድረኽ'ዚ መንእሰያት፣ ኣብ ኣሰርም ረጊጽና፣ ራእዮም ኣብ ምዕራፉ ንምብጻሕ ብዝዘበርናዮ ዘይሕለል ጻዕሪ፣ እሙናት ተሰኪምቲ ሕድሪ ምዃንና ብዮዜበሪ ዝምስክር ዓበይቲ ልምዓታዊ ዓወታት ክንፍጽም በቒዕና ኣሎና።

"ድኽነት ኩነት-ኣእምሮ እምበር ስእነት ኣይኮነን" ዝብል ብዘኾነ መርትዖ ዘይሰዖር ሓደ ሓቂ ኣሎ። ብርግጽ ድማ፣ ኣብ ልምዓት ወሰኒ፣ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ዘይኮነ፣ ብርቱዕ ባህግን ሕልናን ወዳሰብ ምዃኑ ገድልና ገድሊ ናይዚ መድረኽ'ዚ መንእሰያት ብዮዜበሪ ከረጋግጾ ክኢሉ ኣሎ።

ምስጠር ስልጣነ ወዲ ሰብ ማሕበራዊ ውዳቤኡ እዩ። ስልጣነ፣ ወጽኢት ብእኩብ ናይ ምንባር፣ ብእኩብ ናይ ምሕሳብ፣ ብእኩብ ናይ ምስራሕ፣ ብእኩብ ረብሓ ናይ ምኽባርትን ድሕነትካ ናይ ምሕላውን ልዑል ደረጃ ንቕሓት እምበር፣ ካልእ ኣይኮነን። ሰባት ብእኩብ ናይ ምንባርን ምሕሳብን ንቕሓት ዘማዕበሉ፣ ዝያዳ ሓይሊ፣ ረብሓን ውሕስነትን ንምርካብ እዮም። ስለዚ ድማ ኢና ማሕበራዊ ጠባይን ሓላፍነትን መግለጺ ዝለዓለ ደረጃ ንቕሓት ወዳሰብ እንብሎ። ኤርትራዊ መንእሰይ፣ ነዚ ልዑል ደረጃ ንቕሓት'ዚ ጨቢጥዎ እዩ። እቲ ዝጠዓሞ፣ ገለ ውሑድ፣ ንውልቁ ንሓንቲ ከብዱ ጥራይ ዝሓስብ ትሑት ዝንቕሓቱ ኣይሰኣንን። ብሓፈሻ ግን መንእሰይ ኤርትራ፣ ብጥምረት ሰሪሑ ብሓበር ንምምዕባል ሓሊኑ ዝጠፍ ወናኒ ልዑል ደረጃ ንቕሓት መንእሰይ እዩ። ከም መንእሰይ ኤርትራ ገይሩ ልዑል ንቕሓት ዝውንን መንእሰይ ኣብ ዝኾነ ሃገር የለን እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። በዚ ንቕሓት'ዚ ዝተፈጸመ ልምዓታዊ ቅያታት ድማ፣ ነባሪ ሓወልቲ ታሪኽና ታሪኽ ናይዚ መድረኽ'ዚ መንእሰያት እዩ። ከም ውጽኢት ጻዕርና ጻማና እንሓፍሰሉ ኣብ ህይወትናን መነባብሮናን ጭቡጥ ለውጢ እንኽእለሉን ግዜ ድማ ኣብ ኣዝዩ ቀረባ ርሕቀት እዩ ዘሎ። ኣማን ብኣማን መንእሰይ ቀላስ መጻኢ!!

ትዕዝብቲ

# ርእሰናዶ ንሕከኽ

ሳሙኤል መንግስተኣብ

እኹል ብስለት ዘይብሉ ኣእምሮ፡ ኩሉ ምንቅስቓሳቱ ብዘይወድዓዊ ስምዒት'ዩ ዝምእዘዝ። ነገራት ብልክዕ ኣወራሪድካ ናይ ምምማይ ብቕዓት ስለ ዝሓጽር፡ ሙብዛሕትኡ ዝህቦ ውጽኢት ወካሊ ትጽቢት ኣይኮነን። ሓላፍነት ዘሰክም እኹል ዕድመ እንተዘየሉ፡ ይዕበ ይንኣስ ዝፍጠር ክውንነት ብርትዒ ዝተቐየደ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ዘመን ጉቲርዎ ንዘሎ፡ ማሕበረ-ባህላዊ ረጽሚ ፊት ፊቱ ገጢምካ ናይ ምዕዋት ትሑት ወኒ ኣብ ዝሳዕረረሉ ሃዋህው ከኣ'ሞ፡ ተደማሚሩ ኑቲ ጉዳይ ዝያዳ ዕትብቲ ይህቦ። ርእሰኻ ደጋጊምካ ንኽትሓክኽ ኣብ ዝጽውዕ ዘሎ መዋእል፡ "ብኸላ ወሲብ"ን ንሱ ዘስዕቦ መዘዘን ብፍላይ፡ በዚ ጉዳይ'ዚ ድቅስ ኩተርፍድ ዘተዓብዕ ኣይኮነን። ፍቕርን ጾታዊ ርክብን ዝፈሊ ዶባት ብልክዕ ኣብ ዘይተሓንጸጸሉ፡ ሓሸውየ ንእስነት ምግምዳሕ ከኣ፡ ፋይድኡ ከም'ቲ ምትሕውዋሱ እዩ።

ኣርእስቲ ዛዕባይ ንምህጣር ወሰኑ ሓዲገ ማእከሉ ክሕዝ።

ኣብ ናይ ቃሕ ሰም እዋን ድሕሪ'ቲ ምትሕውዋስ ማይን ጸባን ዝፍጥር ውህደት ዝኸይድ ቅርበት ሃሪጾም። ንባዕሉ እቲ ዘየላቡ ርቡጽ ዕድመ፡ ህንጡይነት ተደራቢዎ ከም ዋዛ ፍቕሪ መስሪቶም። ህርፋን ደኣ'ዩ እምበር ንዕኡ ዝበቅዕ ዘገላብጥ ንቕሓት ስለ ዘወኸኡ ኣይነበሩን። ማዕረ'ቶም ዝትዕሃነሎም መሳቱኦም ብምስርዖም ጥራሕ ዝፈጠረሎም ርወየት ምስ'ቲ ዘስተማቕርዎ ፍቕሮም ማዕረ ሚዛን ኣለዎ። ነዚ ንኽልቲኦም ዝጠመረ ፍቕሪ፡ ኣብ ኩልንትንኦም ዝሓዘሉ ቦታ እምብዛ ሰፊሕ'ዩ። ዓይኒ ማይ ናይ ኩሉ ዕላሎም፡ ሕልሞም፡ ምንቅስቓሳቶም፡ … ኣብ'ኡ'ዩ ዝዛረ።

ዕድመኣ ገምት እንተ ዝበሃል፡ ስሚዒታውያን ቃላት ክይጸንበርኩ ምናልባት 16 ጥራሕ ምበልኩ። "ንመሸላ ተጻሂኺ፡ ንጓል ተሓጺኺ!" ንእተዘየኻኽር ምስላ ኣተኣሳሲረ'የ። ደረት ኣፍልባ ካብ ዝፈለየትሉ ጽባሕ፡ ኣእምሮኣ ሓደ ፍሉይነት ከም ዘለዋ ዝሕብር ፍናን ቀስቂሱላ። ምንጩ ከም'ዝን ከም'ትን ክትብሎ ዘይከኣለት ናይ ባዕላ ናጽነት ኣዊጃ። ነዚ ናጽነት መልዓል መኣዲ ከየትረፈት ክትምዝምዞ ፋሕተርተር ክትብል ጀሚራ። ዕድመ ጉርዝውንኣ ዝፈጠሮ ሓላፍነት ምዃኑ ዝሶገር፡ መዓዲ ሸዑ'ዩ ዘድሊ ነይሩ። ኣብ መንጎ'ዚ ጥዑም ዋሕዚ ክይተረድኣ ናብ ሓደ ደንደስ ክትጸጋዕ ኣይተረድኣን።

ካብ ሓደ ብዕድመን ብስለትን ብዙሕ ዘይዛይዳ መዘንኣ ንዝቐረበላ ዕድመ ፍቕሪ፡ ሓንገፋይ ኢላ ምስ ተቐበለቶ መቓሙጦኣ ኣብ ደምበ ንእስነት ሕርሕራይ ገይራ ኣራጢጣ። ፍቕሮም ዝሸፍኖ ርሕቀት ካብ ናብ ቤት ትምህርቲ ግዛ ጥራሕ'ዩ ዝሸፍን። ስሕት ኢልካ ቀዳመ ሰንበት ዘወር ኢልካ ሻሂ ምስታይ ክይተዘንግዐ ማለት እዩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ንገዛ ኣብ ዝህሉ ጉዕዞ ምፍንናው፡ ከውልን ጽምዋን መንገዲ መመሪጽካ ከም ፍርሒ ትብዕ እንዳ በልካ ምትንኻፍ መሓይድቲ ዕላሎም እዩ። ሸዑ "ንእስነት ዕዳ!" ዝብል ሓረግ፡ ሩሕ ዘይብሉ ዘብለጭልጭ ታቤላ'ዩ ኣብ ቅድሚኦም።

ልክዕ ንምዃን ዕለቱን ወርሑን ጠቒሳትለይ ነይራ። ተለፎን ደዊሉ ይካየድ ኣብ ዝበረ ጽንብል ፈስቲቫል ብሓንሳእ ክኣትዉ ይከኣል እንተ ኾይኑ ብትሕትና ተወከሰዋ። ወላ እውን ነገር ጓል ንምንታይ ቀሩብ ኩተዕጠጠ ዘይምፍታና ከይዘከረት ንዕድሚኡ ብሓጎስ ተቐቢላ፡ ቦታን ሰዓትን ቀጺራ ተረዳዲኣ ተለፎን ዓጽያታ። ብጭቡጥ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ምስ መሓዙታን ሰድርኣን ዘኣተወቶ ዓመታት ዝፈሊ ነገር ኣይንበሮ፡ ሸዑ ምሽት ልዕሊ ንቡር ፍስሁት ኮይና ኣምሲያ። ምናልባት እውን ሕብንቲ!

ቀጽሪ ኤክስፖ ዘእንገደቶ፡ ድሙቕ ትልሂታት ሰዓቱ ኣእኪሉ ህዝቢ ናብ ዘዘመጽእ መኣዝን ፋሕ ኩብል ጀሚሩ። ንሳቶም እውን ብህዱእ ዘገምታ ከምርሑ ነይሮም። ምስ'ቲ ሰለይ እናበሉ ዝኸድዎ ዝነበሩ፡ ህዝቢ እናጸረር መሬት ጽምዋ እናበሉቶ ኪይዱ፡ እንትርፎ'ቶም ኑቲ ዝኸውን ርእዮም ክምስክሩ ዝደለዩ ዝመስሉ፡ ስሉማት ከዋኽብቲ ዘለኣኽዎ ጽባቐ ጥር ዝብል ነገር ኣይነበረን። ንፍሉይ ዕላማ ተባሂሉ ብፍላጥ ኣብ ዝጸመወ ኣብ ዝመስል ከባቢ ምስ በጽሑ፡ መድረኽ ካልእ ተዋስኦ ከእንግድ ጀሚሩ። ኣብራኻ ረድረድ እናበላ ገዛ ከም ዝኣተወትን ንጽባሒቱ ሕቘኣን ርእሳን እናኣቛንዘዋ ከም ዝተንሰኣትን ጥራሕ'ያ ሕጂ ዝያዳ ትዝክር።

ጉዕዞ ፍቕሪ ኣብ ትሕቲ'ዚ ሓፈሻዊ ስእሊ ሰለይ ኣብ ምባል ኣይሓመቐን። ኣብ ናህሩን ዛሕሉን ዝኾነ ለውጢ ክየርኣየ፡ ንግዚያት ከም ተንከብት ጠቕሊልዎም። ቀዳማይ ወርሒ ጽግያታ ዕለቱ ቀጺሩ ዘይምምጽኡ ዝፈጠሮ ነገር እንተ ነይሩ ኣብ ኣእምሮኣ ንእሽቶ ንጥርጣረ ዝኸውን ቦታ ምሕዛእ ጥራሕ'ዩ። ካልኣይ ወርሒ ተገምጊሙ፡ ዝኾነ ኣንፈት ዘይምሃቡ ግን ምኽሪ'ተን መጀመርታ ዝሓበኣትለን መሓዙታ ክትረኽብ ተጓይያ። ነዚ ዝበቅዕ ቀልቢ ብዘይምውናን ከይኮነ ኣይተርፍን፡ እናንበዐት ዑቕባ ዓባይ ሓብታ ንምርካብ እቲ ዝኾነ እርይ ቁጽር ኣቢላ ተንቲናትላ። ስድራ ከይፈልጡ ዝብል ስግኣት እውን ዳርጋ፡ ኣብ ክሕብኣሉ ዘይክእል ብራኺ ኣብ ዝደየበሉ ርቡሽ መንፈስ። ዓባይ ሓብታ ንዝተሰምዓ ጓህን ስንባደን ክትከውል እናተቓለሰት፡ ኑቲ ክውንነት ፊት ፊቱ ክትገጥሞ ኣንቂዓ።

ሸዑ ዝመለኸታ ሞያ እንተ ነይሩ፡ ተተሓብኢኻ ምብካይ ጥራሕ'ዩ። ሓደ ምሸት ግን ኑቲ እቲ ዝኾነ ዘይብጽሓ ኣፍቃሪኣ ኩነታት ኩተርድኦ ብርቡጽ መንፈስ ልዓት ተለፎን ኣልዒላ። ንሱ ከም ዝተቐበላ ምስ ኣረጋገጸት ተቐዳዲሙ ንብዓት ሰዒርዋ። ነገራት ዝተሓዋወሶ ኣፍቃሪኣ፡ ኣባቢ ኡ እቲ ዝኾነ ክሰምዕ ተሃንጥዩ። መወዳእትኡ ተማዊታ ብዘጠርነፈቶ ድፍረት፡ ከም ዝጠነሰት ኣፍኢማትሉ። እንታይ እዋኑ ኣብ እዝና ከም ዝዓጸዋ ክሳዕ ሕጂ'ዩ ድንጽው ዝብላ። ኩሉ ኩሉ ተሓዚሊዎ፡ ናይ ሓይሊ ኣዲኣ ምብካይ ብዘዮየደ መልክዑ ተታሓሒዛቶ። ሰድርኣ ንጥንሲ ዝእንፍትሲ ይትረፍ፡ ጥቓ ጥቕኡ ዘይጥምት ግምት ወላ ይንበሮም፣ ቡቲ ኣብ ተምሳል ትርኢት ኮነ ሓፈሻዊ ህይወት ጓሎም ዝረኣይዎ ለውጢ ኣቓልቦኦም ክጥምዝዝ ግድን እዩ ነይሩ። መወዳእትኡ እቲ ዘሕዝን ምዕራፍ ታሪኽ ናይ ጥንሲ ጉዳይ ብኣርባዕተ ነጥቢ ተደምዲሙ። ኣንጻር ኩሎም ኩብርታት ደው ብዘበለ መልሰ ተግባር "ምንጻል!" እቲ ፋይል ተዓጽዩ።

እዚ ኩሉ ዛንታ ኪኖ'ቲ ዝግብኦ ደረት ትርኢት ኣይመዛረበን። እቲ ዝሰዕብ ገጽታኡሲ ንሱ ዝፈጠሮ ክውንነት ደኣ'ምበር። ንዕኡ ዝበቅዕ ዘገላብጥ ዕድመ ዘይምውናኑ'ዩ፡ ሕልፊ ኩሉ ዘርምም። ብኣፍልጦ ኑቲ ጉዳይ ውዒልዎ ክበሃል ዝኣክል መሰሉ ኣይርኣይን። ግን እቲ ዝኾነ ኮይኑ ኣሎ። ጽዋእ'ዚ እናሓደረ ቃንዛኡን እህህታኡን ዝዛይድ ዘሎ ሕማም ከም ዝለከማ ግን፡ ደጋጊምካ ምዝራብ መዘኻኸሪ ደኣ'ምበር ሓድሽ መርድእ ኣይኮነን።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ካልኣይ ዙርያ ስፖርት እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ ቀጺሉ

ኣብ መንጎ ሓሙሽተ ጋንታታት ብውዕውዕ መንፈስ ኣብ ሜዳታት መትከል ኣብዮትን መርሓኖን ዝቐጽል ዘሎ ውድድር ስፖርት እ'ዚ ተወርዋሪ ሓይሊ፡ ብቕድም እውን ናይ ኩ/ እግርን መርበብን ንጥፈታቱ ኣሰላሲሉ ነይሩ።

ኣብቲ ብጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ባርዕን ዛራን ዝፈለመ ጸወታ፡ ተጻወትቲ ባርዕ ዛጊት ከይተሰዓራ ኣብ ዚ ውድድር ይቕልስአ ምህላወን እዚ ምስ ዛራ ዝነበረ ጸወታ እውን ብቐሊል ክዕወታሉ ግምት ነይሩ እዩ። ተጻወትቲ ዛራ ብወገነን ኣብ ፈለማ ውድድር ደሓን ዝኾነ ምንቅስቓስ ከንጸብርቓ ክኢለን እየን። ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ብባርዕ ተሳዒረአን ብምንባረን ኣብዚ ጸወታ ሕነአን ክፈድያ ክጽዕራ ትጽቢት ነይሩ። እንተኾነ ተጻወትቲ ባርዕ ዝልክዑ ኮይነን ኣይተረኸባን።

ዳናይት ሰለሙን ናይ ባርዕ ንኽልተ ተኸላኸልቲ ዛራ ኣታሊላ ሹቶ ምስ ኣመዝገበት፡ በዩሉል የዕበዮ ብጉዳኣ ሹቶ ብምምዝጋብ ጋንታኣ 2-ብ0 ክትመርሕ ገበረት። እታ ንፈለማ ናይ ምስላፍ ዕድል ዝረኸበት ሓበን መርሃዊ እውን ካብ ርሑቕ ቀሊዓ ውሕልልቲ ሹቶ ኣመዝገበት። ቀጺላ ዳናይት ሰለሙን ንዝተረኸበታ ፍጹም ቅላዕ ናብ ሹቶ ቀይራ ንዓኣን ንጋንትኣን ሹቶ ብምውሳኽ ጋንታኣ 4-ብ0 ክትመርሕ ኣኸኣለታ። ብኡ ንብኡ ድማ ዕረፍቲ ኮነ። ድሕሪ ዕረፍቲ ጸወታ ብዑብላልነት ባርዕ ቀጺሉ፡ ሪም ካሕሳይ ድማ ሓመሻይቲ ሹቶ ወሰኸት። ጸወታ ድማ ብዓወት ጋንታ ባርዕ 5-ብ0 ተዛዘመ።

ሰዓቡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ብደሆን ቀይሕ ኮኾብን እዩ ጸወታ ቀጺሉ። ብጽቡቕ ምንቅስቓስ ዝፈለመ ጸወታ እዘን ጋንታታት ብዙይ ሹቶ እዩ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐ። ድሕሪ ዕረፍቲ ተጻወትቲ ብደሆ ብዙየዳ ተመሓዩሾም እኳ እንተቐረቡ፡ ንሹቶ እትኸውን ዕድል ኣይፈጠሩን። ብኣንጻሩ ተጻወትቲ ቀይሕ ኮኾብ ብዋዒሕ ዝለኣኹወን ዝበዙ ኮዓሶ ክጥቀሙለን ይፍትኑ ነይሮም። እንተኾነ ካብ ክልተአን ጋንታታት መፀወቲ ሹቶ ስለ ዘይተረኸበ ጸወታ ብናይ ሓባር ዓወት 0-ብ0 ክዛዘም ከኣለ። ጋንታ ብደሆ ዛጊት ስዕረት ዝበሃል ከይቀመሰት ብ14 ነጥቢ ነዚ ውድድር ትመርሖ ኣላ።

ኣብቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩ/ መርበብ ደቂ ኣንስትዮ ባርዕ ኣብ ልዕሊ ዛራ 2-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ጋንታ ብደሆ 3-ብ0 ንቐይሕ ኮኾብ ተዓዊታትላ ኣላ።

## ሳምሶን ሃብተ ተዓዊቱ



ብፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ዝተወደበን ንሸውዓተ መድረኻት ዝቐጽልን ውድድር ብሽክለታ ዙር ዞባ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ከባቢ እንዳማርያም መጋረጃኡ ከፊቱ። ኣብቲ ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ቅድድም ብሽክለታ ኣብ ዝተኸታተልዎ ረፍዲ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስቤኮ ሳምሶን ሃብተ ተዓዊቲ ኮይኑ።

ተቐዳደምቲ 1ይ ድቪዥን ኣብ መሰርዕ መበገሲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ብክልተ ሕውስዋስ ጋንታ (mixed team) ጋንታ ሓድነትን ጥምረትን ሓዊስካ ብሓፈሻ ሸውዓተ ጋንታታት ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዝካየድ ዘሎ ዙር ዞባ ማእከል ይሳተፉ ኣለዋ። ብድምር ኣስታት 70 ተቐዳደምቲ 110 ኪ. ሜ ንምሽፋን ኣብ ዝተበገሱሉ፡ ተቐዳደምቲ ካብ ፈለማ ኣትሒዞም እዮም ውድድሮም ብናህሪ ኣካዪዶም።

ውድድር ክዛዘም 33 ኪ.ሜ ምስ ተረፎ ተቐዳደምቲ ሳምሶን ሃብተ፡ ፊሊሞን ነጋሲን ኖቤል ሚኪኤልን ሰለስቲኦም ካብ ኣስቤኮ፥ መሓሪ ተወልደን ጴጥሮስ መንግስተን ክልቲኦም ካብ ኤሪትል፥ ኣኽሊሉ ገ/ሂወትን ፊሊጶስ ክብረኣብን ክልቲኦም ካብ ሰምበል፥ ኣቤል ሮቤል ካብ ኤሌክትሮላይት ከምኡ ድማ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ካብ ሓድነት ካብ ዓባይ ጉጅለ ብሓያል ናህሪ ብምውጻእ ንጸወታ መቐረት ሃብዎ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተኻየደ ሓያል ቅጽበታዊ ውድድር፡ ተቐዳዳማይ ሳምሶም ሃብተ ካብ ጋንታ ኣስቤኮ ንውድድሩ ብ2ሰ፡39ደ፡33ካ ብዝኾነ ግዜ 1ይ ኮይኑ ክዕወት እንከሎ፥ ብናይ ነጥብን ብግዜን ንዝወሃባ ብጫን ሰማያዊን ማልያ ኣብ ዝባኑ ብምልባስ ንዝመጽእ መድረኽ ክኣቱ እዩ።

ፊሊጶስ ክብረኣብ - ሰምበል፡ መሓሪ ተወልደን ጴጥሮስ መንግስተን ክልቲኦም ካብ ኤሪ ቴል፡ ኣቤል ሮቤል - ኤሌክትሮላይት፡ ተመስገን ክብሮም - ደንደን፡ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ - ሓድነት፡ ኣኽሊሉ ገብረሂወት ካብ ሰምበል፡ ኖቤል ሚኪኤልን ፊሊሞን ነጋሲን ክልቲኦም ካብ ጋንታ ኣስቤኮ ካብ ካልኣይ ክሳብ ዓሰራይ ብምውጻእ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቦም።

ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን ኣብ ዘካየዱዎ ናይ 90.4 ኪ.ሜ ውድድር፡ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ተቐዳዳማይ ክለብ ሰምበል ናሆም መንገሻ ንውድድሩ ብ 2፡15፡29 ብምፍጻሙ ቀዳማይ ኮይኑ። ዳኒኤል ይሕደጎ - ኣስቤኮ፡ ግርማይ የውሃንስ - ሰምበል፡ ናሆም ገዛኢ - ኤሪ ቴል፡ ሳሙኤል ገብረት - ዲ.ኤች.ኤል፡ ሰሚር ብርሃኑ - ደቡብ፡ ሄኖስ ተኽለ - ኣስቤኮ፡ ኣማኑኤል መንግስተኣብ - ጽንዓት፡ ኣኽሊሉ ኣቶሸም - ዲ.ኤች.ኤል፡ በረኸት ኣምባዩ ብውልቂ ካብ ካልኣይ ክሳብ ዓሰራይ ኮይኖም ውድድሮም ፈጺሞም።

ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ ናይ 80 ኪ/ሜ ውድድር እየን ኣካይደን። ኣብ መወዳእታ ቅጽበታዊ ውድድር ግና ንተዓዛብነትን ኣካየድትን ዘገረመ ካብ ስነ ምግባር ወጻኢ ዝተፈጸመ ኩነታት ተቐዳዳሚት ሞሳና ደበሳይ ካብ ክለብ ደንደን ንመወዳድርታ ሚለና ያፌት ካብ ክለብ ሰራይር ሳዋ ብጸጋማይ ኂ ዝዓጸወታ ከምኡ ድማ ተቐዳዳሚት ሚለና ያፌት'ውን ኢዳ ብምልዓል ንዳንነት ክትሕብር ኣብ ክንዲ ዝግብኣ ብኢዳ ናይ ምድፋእ ስጉምቲ ዝወሰደትሉ እቲ ካልእ ተርእዮ ነበረ። ብዚ ድማ ተቐዳደምቲ ካብ ዘመዝገብኦ ናይ 4ይን 5ይን ነጥቢ ክስረዛ እንከሎ ቀዳመይቲ ኮይና ንዝተዓወተት ዮርዳኖስ ርእሶም ኋል ጋንታኣ ሞሳና ደበሳይ ብዝፈጸሞቶ በደል ካብ ቀዳማይ ናብ ካልኣይ ደረጃ ክትወርድ ኣባላት ዳንነት ዙር ዞባ ማእከል ወሲኖም።

ብዚ መሰረት ተቐዳዳሚት ብስራት ገብረመስቀል ካብ ጋላነፋሒ ቀዳመይቲ ኮይና ብምዕዋታ 11 ነጥቢ ክትረክብ ከላ ዮርዳኖስ ርእሶም - ደንደን 9 ነጥቢ፡ ኣድያም ተስፋኣለም - ጋላነፋሒ 8 ነጥቢ፡ ሞናሊዛ ኣርኣያ - ደቡብ 5 ነጥቢ፡ ኣርሴማ ግርማይ - ደንደን 4 ነጥቢ፡ ኣድያም ዳዊት - ደንደን 3፡ ሱዛና ፍስሃየ - ደቡብ 2 ነጥቢ ከምኡ ድማ ሰምሃር ግርማይ - ደቡብ 1 ነጥቢ ብምምዝጋብ ተዓዊተን።

ተቐዳደምቲ 3ይ ድቪጅን ኣብ ዘካየድዎ ናይ 70.4 ኪ.ሜ ውድድር፡ ሻምፒዮን ዞባ ማእከል ተቐዳዳማይ ክለብ ደቡብ የውሃንስ ኣፈወርቂ ንዉድድሩ ብ1ሰ፡47ደ፡08ካ ብዝኾነ ግዜ 1ይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ ወዲ ጋንትኡ ተስፋሂወት ወልደሚካኤል፡ ሳሙኤል ዳዊትን ኣማን ኤፍሬምን ብዉልቂ፡ ናሆም ኣስመሮም - ደቡብ፡ የሃንስ ዘሙይ፡ ሲራክ ምስጉን፡ መርሃዊ ቦኽረጽዮን ኩሎም ብዉልቂ ሃኒባል ፍጹም ካብ ዲኤች ኤል ቢኒያም ብርሃነ ብዉልቂ ንዮሃንስ ሰዒቦም ተዓወቲ ቀዳማይ መድረኽ ሻምፒዮን ዞባ ማእከል እዮም።

## ፈስቲቫል 'ግራስ ሩት'ን መዛዘሚ ክረምታዊ ውድድራት ስፖርት ህጻናትን ተኻዪዱ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ መበል 11 ፈስቲቫል 'ግራስ ሩት'ን መዛዘሚ ናይቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ መደብ ክረምታዊ ስፖርታዊ ውድድራት ህጻናትን፡ ሎሚ 16 ሕዳር ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ "ስልጠና ግራስ ሩት ዞባ ማእከል ኣብ ፍረ" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፊሊጶስ ወልደዮውሃንስን ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣውልያይን ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ-መዚ መንግስቲ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተመሃሮን ተሳቲፎም ነይሮም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ እንድርያስ ኣስመሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስፖርት - ብድስፕሊን ዝተሃንጹ ጥዑያትን ኣፍረይትን ዜጋታት ኣብ ምምልማል ኣብ ቅድሚት ዝሰራዕ መደብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ካብ'ዚ መትከል'ዚ ብምብጋስ መንግስቲ ብዝፈጠሮ ዕድላት፡ ምምሕዳር ዞባ ምስ ንኡስ ዞባታትን መሻርኽትን ብምውህሃድ ብመደብ 'ግራስ ሩት' ዝተበገሰ ወፍሪ፡ ድሮ 8ይ ዓመቱ ኣቑጺሩ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቶ እንድርያስ ኣስዒቡ፡ እዚ ኣብ 2004 ብውድድር ክረምታዊ ስፖርት ህጻናት ዝጀመረ ፕሮጀክት፡ ኣብ 2012 ናብ ስሩዕ መደብ ስልጠና 'ግራስ ሩት' ብምስግጋር፡ ካብ 16 ንኡስ ዞባታት ዓመታዊ ኣስታት 5 ሽሕ ህጻናት ይስልጥኑ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።



ኣብ'ዚ ሎሚ ዓመት ብኽልቲኡ ጾታታት ዝተኻየደ ውድድራት፡ 86 ጋንታታት ዝተሳተፍኦ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ፡ ኣትለቲክስ ካብ 100 ሜትሮ ክሳብ 5 ሽሕ ሜትሮ፡ ከምኡ'ውን 230 ተቐዳደምቲ ዝተወዳደሩሉ ቅድድም ማውንተይን ባይክ ካብ 12 ክሳብ 17 ዓመት - ብብክሊ ዕድመኡ ከምእተኻየደ፡ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ዕለት ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 14 ክሳብ 15 ናይ ደቂተባዕትዮ ንኡስ ዞባ ቲራቮሎ ንንኡስ ዞባ ኣኽርያ 3 ብ 1 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ናይ ደቂኣንስትዮ ድማ ንኡስ ዞባ ማይ-ተመናይ ኣብ ልዕሊ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ብፍጹም ቅላዕ ተዓዊታ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቅን ንኡስ ዞባን ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ። ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ድማ ን3 ዓመታት ኣከታቲላ ንብለል ብምዃን፡ ንዝተዳለወት ዘዋሪት ዋንጫ ወኒናታ።







# ምልክታ

ብደኩል ገብረሚካኤል - ፋርቱና ኤፍሬም
ናጸነት ደስበለ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ንግዳዊ ባንክ ኤርትራን ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ/ወልደገርግሽ ገ/ሂወት፡ ሚካል ወ/ገርግሽ፡ ሳሮን ወ/ልደገርግሽ፡ ደሊና ወ/ልደገርግሽ፡ ብዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ብኣድራሽኣን ክርከባ ስለዘይተኻእለ፣ ን26/11/19 ኣብ ላ/ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ቁ.40 ይቕረባ። እንተዘይ ቀሪብክን ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዳዕሮ ጻውሎስ

ኣቶ ኣፈወርቂ ተኽለ፡ ኣደይ ለምለም ኣርኣያ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ መብራህቱ መዓሾ፡ ኣባሓጎይ ክንፈ ወልደገርግሽ ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ቀላቲ፡ ተኸሳሲት ሰብለ ኣሻግሬ፡ ብዛዕባ ገዛ ክራይ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪድባ

ኣቶ ሃብተጽዮን ተኽሉን ወ/ሮ ደሃብ የውሃንስን፡ ወድና ደሳለ ሃብተጽዮን ስለዝሞተ፡ ኣይተመርዓወን ኣይወለደን፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለምለም ኣማኒኤል፡ ወለድና ኣማኒኤል ክፍለ ዑቕባይን ጽላት ገርኪኤልን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 4 ተተካእቲ ደቂ ሓወይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰላዕ ዳዕሮ

ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃም ተኽለ፡ ሓፍትና ኣብርሀት ኣብርሃም ስለዝሞተት፡ ውላድ ውን ስለዘይብላ፡ ኣዲኣ ጸሃይቱ ተወልደመድህንን ከምኡ ውን ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ንነፍ/ ኣቦና ተኪእና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዜን

ሓበን ፍረዝጊ ገብረትንሳኤ፡ ብወኪል ኣዲኣ ለተኺዳን ቀሺ ገብረልዑል ኣቢላ፡ በዓል-ቤተይ ተኽለሰንበት ኣስራት ገዲፍኒ ዓዲ ስለዝቐየረ በይነይ ፍትሕ ክእዘዘለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሽማንጉስ ላዕላይ

ከሳሲት ወ/ሮ ብርሃና ፍሳሃጼን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍጹም በረኸተኣብ፡ ካብ ወርሒ 8/2009 ካብዚ ሃገር መንበሪ ቤቱን ሓዳሩን ገዲፋ ምስ ወጸ ስለዘይተመልሰን ደሃይ ስለዘይገብረለይን ቃል ኪዳን ከውርደለይ ይጸውዓለይ ስለዝበላ፣ ተኸሳሲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን 7/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ንሱ ኣብ ዘይብሉ ውሳነ ክውሃብ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ክትሞውሊዕ

ኣቶ ወልደገብርኤል ሰመረ፡ ወለድና ኣቶ ሰመረ ተወልደ ገብረድንግልን ኣደና ወ/ሮ ለተጊዮርጊስ ንጉሰን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/12/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ኣዝማራ ሰንትራል ሪፍረሽመንት ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ናይ ብሕቲ ማሕበር (Azmara Central Refreshment PLC) ብዛዕባ ህልው ኩነታት ማሕበር ኣኼባ ሰብ ብርኪ ክካየድ ስለዝደለየ ኩሉኹም ወነንቲ ብርኪ ብኣካል ወይ ብሕጋውያን ተወከልቲ ን01/12/2019 ኣብ ማእከል ቤት ጽሕፈት ልክዕ ሰዓት 8፡00 ቅ/ቀ ክትርከቡ ነተሓሳስብ።

ኣዝማራ ሰንትራል ሪፍረሽመንት ሓዝብማ

## ምልክታ

ብስም ወረ/ሓጂ መሓመድ ሓሰን ኣማን ወ/ሮ መዲና መሓመድ ሓሰን ምስ 7 ኣሕዋተን ብቁ.ምስክር ወረቐት 113501 መወከሲ ቁጽሪ 122689/122687/122688 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/08 ጎደና ኣቡነማሪቆስ ቁ/ገዛ 10/12/14 ቁ.ሎታ 47 ቁ.ፓርቸላ E ዝርከብ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ከነመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ መዲና መሓመድ ሓሰን

## ሓበሬታ

## ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ፡ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 - 12፡00 ቅድሚ ቀትሪ ምሸት ካብ 2፡00 - 6፡00 ድሕሪ ቀትሪ ብቁ/ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ/ሳ/ፖስጣ 5537፡ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ, ስለዝኾነ፡ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

## ምልክታ

ወረስቲ ገብረስላሴ ካሕሳይ ዝኾንና ብስም ካሕሳይ ሃብቶም+1 ብቁ/ምስክር ወረቐት 110818 ብመወከሲ ቁ/127937/127948 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ኣባይቲ ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ጎዳይፍ ዝርከብ ገዛ ካብ ካሕሳይ ሃብቶም ናብ ገብረስላሴ ካሕሳይ ካብ ገብረስላሴ ካሕሳይ ናብ ወረስቲ የማነ ገብረስላሴ ካሕሳይ+3 ኣሕዋቱ ምስ 2 ተተካእቶም ካብ ወረስቲ ናብ ዘርኤ ገብረእግዚኣብሄር ስም ከነመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ከምኡ'ውን ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታዮ ካብ ዝምልከቶ ናይ መአገዲ ወረቐት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ሰነዳትና ኣቕሪብና ናብ ስሞም ከነመሓላልፎ ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ የማነ ገብረስላሴ ካሕሳይ

## ምልክታ

ኣቶ ዳንኤል ቢንያም ተስፋስላሴ ዝተፈቀደሎም ናይ መሸጢ መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና ንግዳዊ ትካሎም "ኣርዳ መሸጢ መቀያየሪ ኣቕሑ መኪና" (ARDA SPAREPARTS) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምእንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ምልክታ

ሊሎ ትራንስፖርት ሰራሕተኛታት ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለዝደለየ ነዚ ኣብ ቃሕቲ ሰፈሩ ዘሎ መምዘኒ ነጥብታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ደለይቲ ስራሕ ኣድላዪ ሰነዳቶም ከቕርቡ ይሕብር።

1. መደብ ስራሕ — ሓላፊ ውሽጣዊ ኦዲት
2. ጾታ — ኣይፈልን
3. ዕድመ — ካብ 25-60 ዓመት
4. ብዝሒ — 1(ሓደ)
5. ደረጃ ትምህርቲ — 12+4 ወይ 12+2
6. ልምዲ ስራሕ — ን12+4 ናይ 2 ዓመት ን12+2 ናይ 7 ዓመት ብኣካውንቲንግ
7. ወርሓዊ ደሞዝ — ብስኬል ትካል
8. ሃገራዊ ኣገልግሎት — ዝፈጸመ/ት ወይ ዘይምልከቶ
9. ተወሳኺ ሃበሬታ — ክእለት ፒች ትሪ ኣካውንቲንግ ምድላው ጸብጻብ

ተወዳደርቲ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ኣድላዪ ሰነዳቶም ሒዞም ናብ ቤት ጽሕፈት ሊሎ ትራንስፖርት ጎደና ባዳ 746 ቁጽሪ ገዛ 19 – 23 ከባቢ ኤክስፖ ቴሌፎን ቁጽሪ 184500/188235 ፖ.ሳ.ቁ 1997 ከመልክቱ ንሕብር።

## ምልክታ

ኡሙና ሓሰን መሓመድ ዝተባሃልኩ ካብ ወላድየይ ሓሰን መሓመድ ብጽሒት ምቀሊተይ ዝኾነ ገዛ ኣብ ኣስመራ ማእከል ከተማ ጎደና ኣፍዓበት ዝርከብ ስፍሓቱ 46.74 ት/ሜ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑጽሪ መዝገብ 1፡015787 ቁጽሪ ምስክር ኣባይቲ 104430 መወከሲ ቁጽሪ 115431 ብስሙ ዝተመዝገበ ናብ መሪየም ዑስማን ኣሕሊፈ ናብ ስመይ ከማሓላልፎ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ፡ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ነታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ።

ኡሙና ሓሰን

## ምልክታ

ኣሌክሳንደር ዘረኣጋብር ዝተባሃልኩ ነቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማይተመናይ ዚፕ-ኮድ 1A114 ፕሎት 16 ፓርሰል E ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለይ ቁ.ንብረት 1፡011083 ብስም ድራር ቀለታ ሃብተዝጊ+5 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ካብ ድራር ቀለታ ሃብተዝጊ+5 ስለዝዓደኽዎ ብመሰረት ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣሌክሳንደር ዘረኣጋብር

## ምልክታ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ቀይሕ ባሕሪ ቁጽሪ ገዛ 47 ቁጽሪ ፍቓድ ዋኒን ASL00035483 ብስም ኣቶ ሰለሙን ተስፋጊዮርጊስ ወልደሚካኤል ዝተመዝገበ ናይ ኤሌትሮኒክስ ኣቕሑት መጸገንን መሸጥን ትካል ንወ/ሮ ኣስቴር ሃይለ ብርሃነ ብውህብቶ ሂቢዖ ኣለኹ። ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምንማሓላልፎ ነፍልጥ።

ኣቶ ሰለሙን ተስፋጊዮርጊስ ወልደሚካኤል

## ንካልኣይ ጊዜ ዝወጸ ጨረታ

ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፣ ካብ 01/01/2020 ክሳብ 31/12/2020 ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ መግቢ ማለት ኣሕምልትን ፍረታትን እንጀቔሖን ኣጫሪቱ ክዕድግ ስለዝመደበ ነዚ ዝስዕብ ረቛሒታት ዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክጫረቱ ይዕድም።

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን ወረቐት መንነትን ቅዳሕ

2. ሳንዱቕ ጨረታ ካብ ጋዜጣ ዝወጸሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ ኣብ ሰዓታት ስራሕ ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።

3. መኽበሪ ጨረታ ንኣሕምልቲ 200,000.00(ክልተ ሚእቲ ሽሕ) ናቕፋ ንእንጀቔሖ 50,000.00 (ሓምሳ ሽሕ) ናቕፋ C.P.O የትሕዝ።

4. ንዝርዝር መግለጽን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮለጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ክፍሊ ዕድጊ ምውካስ ይከኣል። መወከሲ 163834/163467

5. ቤት ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

## ምልክታ

ቃልኣብ መሓሪ ገብረማርያምን ናዝሬት መሓሪ ገብረማርያምን ዝተባሃልና ኣሕዋት ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይተመናይ ዝርከብ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 122629 መወከሲ ቁጽሪ 118349 ብስም ወላዲና ነፍ/ መሓሪ ገብረማርያም ገንዘቡ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንሕና ወረስቱ ፈልማ እዚ ብስም ወላዲና ነፍ መሓሪ ገብረማርያም ገንዘቡ ዘሎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስም ወረስቱ ኣመሓላሊፍና ናብ ስም ዓዲጊ ክንመሓላልፎ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ሒዙ ይቕረብ።

ቃልኣብ መሓሪ ገብረማርያምን
ናዝሬት መሓሪ ገብረማርያምን

## ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ናይ ሃገራዊ መርመራ ክልተ ኣረምቲ ማሽን ተባላሸየን ክጽገና ስለዝተደልየ ሕጋውያን ብቅዓት ዘለዎም ትዱሳት ንጨረታ ይዕድም።

1. ተጫረትቲ ናይ ዘለዎም ፍቓድ ንግድን ኤርትራዊ ዜግነት ኦርጂናልን ኮፒን ከቕርቡ ይግባእ።

2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 መዓልቲ ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ።

3. ሳንዱቕ ጨረታ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት ዓሰርተ ኣብ ሚ/ሪ/ትም/ ማ/ቤት ጽሕፈት ቁጽሪ 20 ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኽፈት።

4. መኽበሪ ጨረታ 5000 (ሓሙሽተ ሽሕ) C.P.O ይተሓዝ።

5. ናይ ተጫረትቲ መምዘኒ ብቅዓት ቅድሚ ሕጂ ናይ ዝሰርሕዎ መረጋገጺ ሰነድ ከቕርቡ ኣለዎም።

6. ንተወሳኺ መግለጽን ሓበሬታን ኣብ ቁጽሪ 20 ብኣካል ወይ ብቑጽሪ ቴሌፎን 123749/200593 ምውካስ ይከኣል።

7. ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ በዚ ጨረታ ኣይግደድን።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ

## ምልክታ

ኣቶ ኣሕመድ መሓመድብርሃን ኑርሑሴን ዝተባሃልኩ ምስ 11 (ዓሰርተ ሓደ) ኣሕዋተይ ንመዋቲ ወላዲ ኣቦና ነፍ/ መሓመድብርሃን ኑርሑሴን ሕጋውያን ወረስቲ ምዃንና ብቤት ፍርዲ ሽሪዓ ዞባ ማእከል ብቑ.መዝ 65/2016 ብዕለት 19/01/2016 ዓ.ም ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ብዝተረጋገጸልና መሰረት ነዚ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ማእከል ኣስመራ ዞባ 1 ምም/01 ጎደና "ሰ" ቁጽሪ ገዛ 110 ዝርከብ ብኮምሽን ኣባይቲ ዋንነት ደብተር ቁጽሪ 118472 መወከሲ ቁጽሪ 120259 ብስም መዋቲ ወላዲና ዝተመዝገበ ኣብ ውሽጡ 8 ቀንዲ ክፍልታት 5 ሓጋዚ ክፍልታት ዝተሰርሓሉ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ክንመሓላልፎ ስለዝደለና እቃወም እየ ዝብል ወገን እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ (ሓደ ወርሒ) ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ካዳስተር ይቕረብ።

ኣቶ ኣሕመድ መሓመድብርሃን

## ምልክታ

ቀሺ ሙሴ ገብረሚካኤል+4 ናይ ወለድና ነፍ/ ገብረሚካኤል ተስፋይ መሓርን ነፍ/ ኣስመረት ወልደገርጊስ ምሕረትኣብን ብውርሲ መዝ.ቁ.5976/04 ብዕለት 7/02/2004 ብቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ስለ ዝተረጋገጸልና ብሽማግለታት ዓዲ ጉዳይፍ ብመ/ቁ.44/99 ብዕለት 12/10/1999 ዝተመርሐ ገዛ ኣብ ጉዳይፍ ዝርከብ ገዛ ዋንነት ካብ ስም መወቲ ወለድና ናብ ስምና ክነሰጋግሮ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ወይ ሃገራዊ ካዳስተር ሒዙ ይቕረብ።

ቀሺ ሙሴ ገብረሚካኤል

ተስፋኣለም የማነ

# ሓማስ፡ ምስ እስራኤል ዝተኻየደ ኲናት ከምዘይተዛዘመ የጠንቅቕ



ሳዕለዋይ መራሒ ምንቅስቓስ ሓማስ - ኢስማዒል ሓኒየ፡ ዋላ'ኳ ካብ ቃዛ ናብ እስራኤል ክውንጨፍ ዝቐጸ ሮኬታት ደው ኢሉ እንተሎ፡ ኣብ መንጎ ጂሃዳውያን ዕጡቓት ቃዛን እስራኤልን ክካየድ ዝቐጸ ኲናት ገና ከም ዘይተዛዘመን፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ዳግማይ ክቕጽል ከም ዝኽእልን ኣጠንቂቑ።

ንሱ ወሲኹ፡ "ዓወት ናይቲ ኣንጻር እስራኤል ክካየድ ዝቐጸ ኲናት፡ በቲ ዝወንጨፍናዮ ብዙሓት ሮኬታት፡ ወይ በቲ ኣብ ልዕሊ እስራኤላውያን ዘውረድናዮ ክሳራታት ኣይኮነን ክልካዕ ዘለዎ። እንታይ ደኣ፡ በቲ ንእስራኤል ከም ሃገር ምሉእ ብምሉእ ዘልመሰናሉ ሓያል መኸተ ኢና ክንዕቅኖ ዝግባእ" ክብል'ውን ገሊጹ። እቲ ብዓል-ስልጣን እዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዘስምዐ ዝሓለፈ ሰንበት ኒታ ኣብ ቃዛ ብደቡብ ኣጠንቂቑ።

ኣብ ቃዛ ብደቡብ ኤሬርቲ እስራኤል ዝጀነተት 8 ኣባላት ዝሓዘት ስድራ ናይ ሓዘን መግለጺ ድሕሪ ምሃብ እዩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኻልድ ኣልብትሽ ዝተባህለ ሳዕለዋይ መራሒ ኢስላማዊ ጂሃድ፡ እስራኤል ምእንቲ ኲናት ደው ክብል ኢላ ንዕጡቓት ቃዛ ዝኣተወትሎም መብጽዓ ከም ዘየለ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር በንያሚን ኔታንያሁ ንዘዘኻ መግለጺ ኣሉታዊ ምላሽ ሂቡሉ። እስራኤል፡ ኑቲ ዝሓለፈ ሰሙን ብመንጎኝነት ግብጽን ሕቡራት ሃገራትን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ምስ እትጥሕሶ፡ እስላማዊ ጂሃድ ተረር ግብረ-መልሲ ክህበሉ ምዃኑ'ውን ወሲኹ ኣጠንቂቑ።

እስራኤል፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቃዛ ደቡብ ኤሬርቲ ብምኽያድ፡ ንሳዕለዋይ ኣዛዚ እስላማዊ ጂሃድ ምስ ሰበይቱ ድሕሪ ምቕታላ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ኲናት ተባሪዑ ከም ዝቐጸን፡ ኣብቲ ደብዳብ ብወገን ፍልስጤማውያን 35 ሰባት ከም ዝተቐትሉን ጸብጻባት ዜና የመልክቱ።

# ካምቦድያ፡ ነዳዲ ንምኹዓት ትዳሎ



ካምቦድያ ኣብ ገምገም ባሕራ ዕቑር ኑዳዲ ዘይቲ ድሕሪ ምርካብ፡ ዝመጽእ ዓመት ዕደና ንምጅማር ትዳሎ ከም ዘላ ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ሳምደክ ተኖ ሃን ሰን ዝሓለፈ ሰኑይ ን32,000 ተማሃሮ ናይ ሓደ ዩኒቨርስቲ ኣብ ዝመረቐሉ ኣጋጣሚ፡ ካምቦድያ ኣብ ታሪኻ ንፈለማ እዋን ኣብ 2020 ኑዳዲ ዘይቲ ዓዲና ናብ ዕዳጋ ዓለም ክትቀርብ ክትጅምር ምዃና ኣበሲሩ። ኣብ ሲንጋፖር ዝመደበሩ ኩባንያ ዕደና ኑዳድን ጋዝን 'ክሪስኢነርጂ' ኣቐዲሙ ምስ መንግስቲ ካምቦድያ ብዘተኣተዎ ውዕል መሰረት፡ ኣብቲ ዕቑር ኑዳዲ ከም ዘለዎ ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ዘሎ ልዕሊ 3 ሽሕ ትርብዒት ኪሎ ሜተር ዝሰፍሓቱ ማያዊ ኣካል ንኩዕታ ዘድሊ ቅድመ-ምድላዋት ኣብ ምጽፋፍ ከም ዝርከብ እውን ሓቢሩ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ካብ ሽያጥ ናይቲ ኑዳዲ ዝርከብ እቶት ኣብ ምምዕባል ትሕተ-ቕርጽታትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ክውዕል ምዃኑ፡ እዚ ከኣ ደረጃ መነባብሮ ህይወት ካምቦድያውያን ኣብ ምምሕያሽ ዓቢይ ግደ ክህልዎ ምዃኑ ገሊጹ።

ብመሰረት ሽንህዋ፡ ኩባንያ ዕደና ኑዳድን ጋዝን ክሪስኢነርጂ 95 ሚእታዊት ብርኪ ኣብቲ ዕደና ክህሉዎ፡ መንግስቲ ካምቦድያ ድማ 5 ሚእታዊት ክውንን እዮም ተሰማሚዖም ዘለዉ።

# ቻይና፡ ንሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኣውስትራልያ ቪዛ ከልኪላ



ቻይና፡ ንኽልተ ፖለቲከኛታት ኣውስትራልያ ናይ መእተዊ ቪዛ ከም ዝኸልከለቶም ቢ.ቢ.ሲ. ሓቢሩ።

እቶም ኣባላት መንግስቲ ኣውስትራልያ ምዃኖም ዝተነግረሎም ፖለቲከኛታት፡ ኣንድሪው ሃስቲን ጀምስ ፓተርሰንን ዝተባህሉ ኮይኖም፡ ንትምህርታዊ ዑደት ኣሎም ዝመጽእ ወርሒ ናብታ ሃገር ክምርሑ መደብ ነይሩዎም። እንተኾነ፡ ክልቲኦም ፖለቲከኛታት ኣብ ሚድያ ንቻይናን መራሕታን ብተደጋጋሚ ክቐፍሩ ብምጽንሖም፡ እቲ ኣብ ሲድኒ ናብ ዝርከብ ኤምባሲ ቻይና ዘቕረቡዎ ናይ ቪዛ ሕቶ ከም እተነጸገ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። ኤምባሲ ቻይና ኣብ ኣውስትራሊያ ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ ክልቲኦም ሰብስልጣን ናይቲ ክህቡዎ ዝጸንሑ ንቻይና ዝኮድዕ ሕማቕ ርእይቶታት ይቕረታ እንተ ሓቲቶምሉ፡ ቪዛ ክወሃቦም ምዃኑ ሓቢሩዎም ከም ዝበረ፡ እንተኾነ ንሳቶም ብተግባራቶም ከም ዘይጠዓሱ ብምግላጽ ኑቲ ሕቶ ከም ዝጸገዎ ሓቢሩ።

እቶም ዓቃባውያን ፖለቲከኛታት፡ ብዛዕባቲ ቻይና ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት እትኽተሎ ፖሊሲን ኣብ ፖለቲካ ኣውስትራልያ እትገብሮ ጣልቃን ኣመልኪቶም ብዘህቡዎ ነቐፌታዊ ርእይቶታት ፍሉጣት ከም ዝኾኑ'ዩ ዝገለጸ። ኣባላት ባይቶ ኣውስትራልያ፡ ብዛዕባ ጽልዋ ቻይና ኣብ ልዕሊ ሃገርም ኣመልኪቶም ክትዓት የካይዱ ከም ዘለዉ'ዩ ዝሕበር። ገለ ካብቶም ፖለቲከኛታት፡ ቻይና ዝተፈላለየ ህያባት እናመጠወትን ወፈያታት እናገበረትን ኣብ ፖለቲካ ኣውስትራልያ ሰርስራ ክትኣቱ ትፍትን ከም ዘላ'የም ዝኸሱ።

# ፈረንሳ፡ ካብ ሰኔጋል ዝዘመተቶ 'ታሪኻዊ ሴፍ' መሊሳቶ



መንግስቲ ፈረንሳ፡ ኣብ 19 ክፍለዘመን ካብታ ግዝኣት ሃገሩ ዝበረት ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሰኔጋል ድሕሪ ምዝማቱ፡ ኣብ ቤተ-መዘክር ፓሪስ ተዓቂቡ ዝጸንሐ 'ታሪኻዊ ሴፍ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኑታ ሃገር ከም ዘረከበታ ቢ.ቢ.ሲ. ሓቢሩ።

እቲ ሴፍ፡ ናይቲ ኣብ 1857 ኣንጻር መግዛእቲ ፈረንሳ ንዘተበገሰ ህዝባዊ ቃልሲ ዝመርሐ ዑመር ሳይዶ ጣል ዝተባህለ ወሩይ ተቓላሳይ ኮይኑ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈረንሳ ኤድዋርድ ፊሊፕ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ከተማ ዳካ ንፕረዚደንት ሰኔጋል ማኪ ሳል ከም ዘረከቦ ጸብጻብ ቢ.ቢ.ሲ. ወሲኹ ኣመልኪቱ። ኣብቲ ስነ-ስርዓት ናይ ምርኽኻብ፡ ኣባላት ስድራቤት ናይቲ መራሒ-ኣብር ተረኺቦም ከም ዝበሩ ዝጠቐሰ ቢ.ቢ.ሲ፡ ፈረንሳ ኑቲ ኣብ ኣብያተ-መዘክራ ገና ተሪፉ ዘሎ ብዙሕ ቅርሲታት ሰኔጋል ክትመልስ ፕረዚደንት ማኪ ሳል ከም ዝተማሕጸነ ሓቢሩ። እቲ ፈረንሳዊ ቀዳማይ ሚኒስተር ብወገኑ፡ ሃገሩ ብሕጂ ብርክት ዝበለ ቅርሲታት ሰኔጋል ክትመልስ መደብ ከም ዘለዋ ኑቲ ፕረዚደንት ከም ዘረጋገጸሉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ፈረንሳ፡ ዋንኡ ሃገራት ትሕተ-ሳህራ ኣፍሪቃ ዝኾኑ ኣብ እዋን መግዛእቲ ዝዘመተቶን ብውሑዱ 90 ሽሕ ዝግመት ዝተፈላለየ ቅርሲታት ኣብ ኩብሒ ኣብያተ-መዘክራ ዓቂባ ከም ዘላ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የመልክቱ።

# "ሊባኖስ ከም መርከብ ታይታኒክ ትጥሕል ኣላ" ሊባኖሳዊ በዓል-ስልጣን

ሊባኖስ ተሸሚሚዓቶ ካብ ዘላ ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላው ንምውጻእ ህጹጽ ስጉምቲ ክውሰድ እንተ ዘይክኢሉ፡ እታ ሃገር ክፍወስ ናብ ዘይክእል ሓደገኛ ኣንፈት ከተምርሕ ምዃና፡ ኣፈ-ጉባኤ ባይቶ'ታ ሃገር ነቢህ በሪ ኣጠንቂቑ።

ንሱ እዚ መጠንቀቕታ'ዚ ዘስምዐ ህዝባዊ ተቓውሞ ሊባኖስ ዝሓለፈ ሰንበት ንመበል ካልኣይ ወርሑ ኣብ ዝቐጸለሉ እዩ። "እዛ ሃገር ልክዕ ከምታ ኣብ 1912 ዝጠሓለት ደርማስ መርከብ ታይታኒክ ቀስ ብቐስ እያ ትጥሕል ዘላ። ንምድሓና ሕጂ ገለ ሃገር ክንገብር እንተ ዘይክኢልና ከኣ፡ ምሉእ ብምሉእ ጥሒላ ክትጠፍእ እያ" ዝበለ እቲ በዓል-ስልጣን፡ ህዝቢ ሊባኖስ'ውን ካብ ዕማ ናይ'ቶም ኣብታ መርከብ ዝበሩ ኣሽሓት ተጓዓዝቲ ዝፍለ ዕጫ ከጋጥሞም ከም ዘይክእል ገሊጹ።

ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሊባኖሳውያን፡ ኣብ ቀቢላን ሃይማኖትን ዝተመርኮሰ ንበልሸውና ዘሰሰነ ፖለቲካዊ ስርዓት ሃገርም ተኣልዩ፡ ካብ ሃይማኖታዊ ይኹን ቀቢላዊ ስምዒታት ናጻ ብዝኾነ ስርዓት ክትካእ ዝጽውዕ ሰለማዊ ሰልፊ ክካይዱ ከም ዝወርሑ'ዩ ዝግለጽ። በቲ ህዝባዊ ተቓውሞ ተገዲዱ ብ29 ጥቅምቲ ስልጣኑ ዝለቐቐ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ሳዕድ ሓሪሪ፡ ኣቐዲሙ ሚኒስተር ፋይናንስ ንዝበረ ሃብታም ነጋዳይ መሓመድ ሳፋዲ ንብታኡ ክትክእ ሕጹይ ኩይኑ ቀሪቡ'ኳ እንተ ነበረ፡ ካብ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ሚሸል ዓውን ደገፍ ክረክብ ብዘይ ምኽኣሉ ግን ንሳዕድ ሓሪር ተኪኡ ክሰርሕ ዝበሮ መደብ ከም ዝሰረዘ ዝሓለፈ ሰንበት ኣፍሊጡ። በዚ ድማ ቀዳማይ ሚኒስተር ሰዕድ ሓሪሪ ኑቲ ፕረዚደንት ክወቕሶ ተሰሚዑ።



ፕረዚደንት ሚሸል ዓውን ዝመርሖ ብሰዓብቲ ክርስትና ዝቖመ 'ናጻ ሓርበኛዊ ምንቅስቓስ' ዝተባህለ ሰልፊ ኣብ ዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ሚኒስተር ፋይናንስ ነበር ኑታ ሃገር ክመርሕ ብቑዓት ከም ዘይብሉ ድሕሪ ምምልካት፡ ሰዕድ ሓሪር ግን መታን ኣብ መወዳእታ መድሕን ሊባኖስ ኮይኑ ናብ ስልጣን ክምለስ፡ ኑቶም ብቑዓት ዘይብሎም ሰናውያን ፖለቲከኛታት ከም ሕጹያት ኮይኖም ክቐርቡ ይሓብቦም ከም ዘሎ ከሲሱ።

ሊባኖሳውያን ድሕሪቲ ካብ 1975 - 1999 ዝካየዱዎ ኲናት-ሓድሕድ፡ ፕረዚደንት ሊባኖስ ካብ ሰዓብቲ ክርስትና፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካብ ሰዓብቲ ሱና፡ ኣፈ-ጉባኤ ባይቶ ድማ ካብ ሰዓብቲ ሺዓ ክኾውን ከም ዝተሰማምዑ፡ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ እታ ሃገር ብኸምኡ ክትምራሕ ከም ዝጸንሐትን ይፍለጥ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሪሻም | 19/11/2019 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ መስማር (ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565